# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.293 | ረቡዕ 7 ነሓሰ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ሃገራት ምዕራብ ዜጋታተን ካብ ሊባኖስ የግዕዛ



ገጽ 3
ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ



ገጽ 5
ቀመር ህይወት



ገጽ 7
እቲ 'በዓል ቆርበት ከዳን'



ገጽ 11
ኦሎምፒክ ፓሪስ፡ ደሃይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ



## ሎሚ ዓመት - 2,296 ተመሃሮ ካብ ኮሌጃት ተመሪቖም



ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝርከባ ሽዱሽተ ኮሌጃት ሃገርና፡ ሎሚ ዓመት ካብ 13 ሓምለ ክሳብ 3 ነሓሰ ኣብ ዘካየዳኦ ስነ-ስርዓት መመረቕታ - 2,296 ተመሃሮ፡ ብናይ ድሕረ-ምረቓ ዲግሪን ዲፕሎማን ከምኡ'ውን ብቐዳማይ ዲግሪን ዲፕሎማን ኣመሪቐን።

በዚ መሰረት፡ ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን 736 ተመሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን፣ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ 350 ብዲግሪን ዲፕሎማን፣ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጂን ማይ-ነፍሒ 381 ብዲግሪን ዲፕሎማን፣ ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ 275 ብናይ ድሕረ-ምረቓ ዲግሪ፡ ቀዳማይ ዲግሪን ዲፕሎማን፣ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ 260 ብዲግሪ፡ ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ ድማ 294 ብናይ ድሕረ-ምረቓ ዲፕሎማ ኣመሪቐን ኣለዋ።

ካብ'ቶም ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ዘመረቖም ሞያውያን ጥዕና፡ 4 ብፍሉይ ሞያዊ ክእለት ሕክምና ህጻናትን ቁልዑን፣ ሓደ ድማ ብፍሉይ ሞያ ክንክን ጥንሲን ሕርስን ዝተማህሩ እዮም።

ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ ዘመረቖም 294 ተመሃሮ ድማ፡ ኣቐዲሞም ብቐዳማይ ዲግሪ ትምህርቶም ዝዘዙሙ ኩይኖም፡ ብሞያ ምምህርና ተወሳኺ ናይ ድሕረ-ምረቓ ትምህርቲ ዝቐሰሙ እዮም።

ካብ ጠቕላላ ቍጽሪ ምሩቓት፡ እተን ኣሰታት 45 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ እየን።

ተመረቕቲ፡ ደለቦም ዘለዉ ፍልጠት ኣብ ረብሓ ሕብረተሰቦም ንምውዓል ረዚን ሓላፍነት ተሰኪሞም ከምዘለዉ ብምርግጋጽ፡ ብናጻ ዝተማሃርዎ ህዝቦም መንግስትን ብዘይተገላበጦ ከገልግሉ ድሉዋት ምዃኖም ገሊጾም።

## ከረን - ቀረባት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምምሕያሽ ተዘትዩሉ

ምምሕዳር ከተማ ከረን፡ ብ30 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ - ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ቤት-ምኽሪ ከተማን ወከልቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ዝተረኸቡሉ መንፈቓዊ ገምጋም፡ ቀረብት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምምሕያሽ ኣብ ዝሕግዙ መዳያት ዘትዩ።

ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ፡ ኣብ ኣገልግሎታት ቀረብ ማይ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ጽርግያታትን መጓዓዝያን ዘሎ ሕጽረታት ንምፍዋስ ክሰራሓሉ ከምዝጸንሐ፡ ብዙሓዩለ ደረጃ ክቐጽል ምዃኑን ገሊጹ።

ኽራማት ዝተጉበረ ምድላዋት ብዝምልከት፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ - 1080 ሄክታር መሬት ከምእተሓርሰ/ነቕለ፡ 780 ሄክታር ከምእተደኮዐን 2,200 ሄክታር ከምእተዘርአን ሓቢሩ።

ኣቶ ረዘነ ጸገና ማስመር ረሳሕ ፈሳሲ፣ መጸናዕቲ ኣባይቲ ከተማ ከረን፣ ምፍዋስ ማይ-ኩዖታት ኀኮ ኢትዓብር፣ ምእካብ ውዝዙፍ ዕዳ ክራይ ኣባይቲ፡ ኣገልግሎት ማይ፡ ግብሪ ኣባይቲ፡ ከምኡ'ውን ግብሪ ሕርሻን ጥሪትን ኣብ መስርሕ ከምዝርከብ፣ ምዕዳል ጤሳ ርእሰውጥን ኣብ ዝተወደኣለን ዓድታት፣ ምስትኽኻል ርእሰውጥን ሽፍሽፈት - ካብ ናይ መጻኢ መደባት ከምዝኾኑ ድማ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ኣብ መውጻእታ፡ ጉዳይ ዘይሕጋዊ ኣባይቲ መዕለቢ ክረክብ፣ ናይ ጉሓፍ በደኒታት ክትትል ክግበረሉ፣ ምጥርናፍ ዓድታት ክድፋኣሉ፣ ሽግር መጓዓዝያ ኣቓልቦ ክወሃቦ ተላበዮም።

## ሰምበል - ናይ ሕጊ ተኣረምቲ፡ ናይ 2023/2024 ኣካዳሚያውን ሞያውን ንጥፈታት ዛዚሞም

ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰምበል ዝርከቡ ናይ ሕጊ ተኣረምቲ፡ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ኣካዳሚያዊ፡ ሞያዊ፡ ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት - ብ6 ነሓሰ ዛዚሞም።

ኣብ'ቲ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰምበል ሜጀር መሓሪ ዓንደብርሃን፡ ዕላማ መንግስቲ ኤርትራ - ናይ ሕጊ ተኣረምቲ ተኣሪሞምን ተሃዲሶምን ክወጽኡ ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ብኣካዳሚ፡ ሞያን ካልእ መደባትን ንኽሰጉሙ ብዕቱብ ከምዝስራሕ ገሊጹ።

ሓላፊ ምምሕዳር ሰርጌንቲ በራኺ ወልደገርግሽ ድማ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ካብ ዝተሳተፉ ተኣረምቲ፡ ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ነጥቢ ዘምጽኡ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ዘርኣይ ምስጉን፡ ኣብ 2023/2024 ንዝተኻየደ ንጥፈታት ዝምልከት መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ነቲ መደብ ኣብ ምዕዋት ንዝጸዓሩን ኣበርክቶ ንዝገበሩን ኣመስጊኑ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ መደባት ካብ ብጾቶም ጸብለል ንዝበሉ ሽልማት ተዓዲሉ።



ስእሊ ናዝሬት በየን




ሪፖርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ

ዳህላክ ነጋሲ

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

ዘለናዮ ቅንያት፡ ብዝተፈለለየ ዓውደ-ትምህርቲ ክምሃሩ ዝጸንሑ ተመሃሮ ሳዕለምት



ሚኒስተር የማነ ገብረመስቀል

ትካላት ትምህርቲ፡ ፍረ-ጻዕሮም ዝሓፍሱሉን ዕለተ-መመረቕታኦም ዘጽምብልሉን እዩ። ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ እውን፡ ብሞያ ምምህርና ክሰልጥኑ ዝጸንሑ ተመሃሮ፡ ብዕለት 3 ነሓሰ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ናይ'ቲ ኮለጅ ኣመረቐ። እቲ ንመበል


ዳናይት ተኽለሃይማኖት


ካማይል ኣል-ሓሰን መሓመድ

17 ግዜ ዝተኻየደ ጽምብል መመረቕታ፡ ሚኒስተራት፡ ሓለፍቲ ግንባርን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ወለድን ኣብ ዝተረኽብሉ ኢጋጣሚ'ዩ ተኻዩዱ።

ግዚያዊ ዲን ናይቲ ኮሌጅ ዶክተር የናስ መስፍን ኣብ ዘስመዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ንተመረቕትን ወለድን ከምኡ ድማ ንመማህራን "እንቋዕ ኣሓጎሰና" ድሕሪ ምባል፡ ኮሌታት ትምህርቲ ብዓለም ደረጃ ብሰንኪ እተፈላለየ ምኽንያት ብዙሕ ብድሆታት የጋጥሞ ከም ዘሎ ኣብሪሁ። ንሱ ኣስዒቡ፡ "መንግስቲ ኣብ ዝርግሐ ብቕዓትን ምዕሩይነትን ትምህርቲ ዓበይቲ ወፍርታትን ጻዕርታትን ብምግባር ዝኸፍ ባጀት ከም ዝሰልዕ ይፍለጥ። ኣብዚ ኮሌጅ ዝወሃብ ናይ ድሕረ-ምረቓ ናይ ዲፕሎማ ፕሮግራም እውን ኣካል ናይዚ ወፍሪ ኩይኑ፡ ኣብ ብቕዓት ትምህርቲ ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻኡ፡ ከምኡ'ውን ፍልጠትን ክእለትን ሕጹያት መማህራን ብሞያ ስነምምህርና ክብ ንምባል ዝዓለመ እዩ።

ናይ ድሕረ-ምረቓ ፕሮግራም ዲፕሎማ፡ ኣቐዲሞም ኣብ ዝተፈላለያ ኮሌጃት ንኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ዓመታት ተኸታቲሎም ናይ ቀዳማይ ዲግሪ ትምህርቶም ብልዑል ነጥቢ ንዝወድኡ ተመሃሮ ንሓደ ዓመት ዝወሃብ ልዑል ስነምምህርናዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ፕሮግራም እዩ። ኣብዚ መደብ ዝለዓለ ትኹረት ዝወሃቦ ማዕረ-ማዕረ ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ፡ ተመሃሮ ኣብ እተፈላለያ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምውፋር ንኣስታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝኸይድ - ኣብ ስሩዕ መምሃሪ ክፍሊ ኣትዮም ከም ዝምህሩን ዝለማመዱን ይግበር። ስለዚ፡ መደብ ድሕረ-ምረቓ ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ትምህርቲ ዝሓቖፈ እዩ" ክብል ሓቢሩ።

ሎሚ ዓመት፡ ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ፡ 143 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 294 ተመሃሮ ንሓሙሻይ ግዜ ብናይ ድሕረ-ምረቓ ዲፕሎማ ከም ዘመረቐ፡ ግዚያዊ ዲን ናይቲ ኮሌጅ ዶ/ር የናስ መስፍን ወሲኹ ይገልጽ። ካብዚኣቶም፡ እቶም 137 ብምምህርና ስነ-ፍልጠት፡ 83 ብምምህርና ስነ-ቀጽሪ፡ 68 ብምምህርና ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ዝተመረቑ ክኾኑ እንከለው፡ ዝተረፉ 6 ድማ ብምምህርና ቋንቋ እንግሊዝ ከም እተመረቑ ይጠቅስ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት፡ 706 መማህራን ብናይ ድሕረ-ምረቓ ዲፕሎማ ተመሪቖም ናብ ስራሕ ከም ዝቐንዑ ወሲኹ የረድእ። ቀጺሉ ድማ፡ "ተመረቕቲ፡ እዛ መዓልቲ ካብ ሓደ መድረኽ ናብ ዝለዓለ ሞያዊ ደረጃ እተሰጋገሩላ ዕለት እያ። ስለዚ፡ እዚ በጺሕኩሞ ዘለኹም ደረጃ መወዳእታ ናይ ትምህርትን ዕብየትን ስለዘይኮነ፡ ኣብ እትምደብሉ ዕማም ብዙሕ እትመሃርዎ ከም ዘሎ ኣይትዘንግዑ። ኣብ ልምዓታዊ መደባት እጃምኩም ክተበርክቱ ዘኽእለኩም ሞያዊ ክእለት ዓጢቕኩም ብምህላውኩም፡ ክእለትኩም ኣብ መዓላ ከም እተውዕልዎን ዝጸሓርኩም ህዝብን መንግስትን ብልዑል ኒሕ ከም እተገልግልዎን ድማ ርግጸኛ'የ" ክብል ቃሉ ዛዚሙ።

ወከልቲ ተመረቕቲ፡ እንጂነር የናታን ክፍሉም ብወገኑ፡ ንየም ኣብ መበል 17 እብረ ዝተመረቑ ተመሃሮ፡ ንማሕበረ-ሰብ እቲ ኮለጅን ወለድን፡ "እንቋዕ ናብዚ መድረኽ ኣበቕዓና" ኢሉ። ተመረቕቲ፡ ካብ'ተን ምንጩ ዘይጸዓድ ሃብቲ ዝኾና ዝተፈላለያ ኮለጃት ሃገርና ኣቐዲሞም ዝተመረቑ ምዃኖም ድማ ኣብሪሁ። ተመረቕቲ ቅድሚ ናብ ስራሕ ዓለም ምውፋሮም ዚ ዕድል'ዚ ክረኽቡ ብምኽኣሎም፡ ካብ ሰብ ሓደ ሞያ ናብ ሰብ ድርብ ሞያ ከም ዝተሰጋገሩ ሓቢሩ። ኣስዒቡ ድማ፡ "ጥበብ ስነምምህርና፡ ንሓደ ተመሃራይ ብኸመይ ፍልጠት ተሰርጾሉ ጥራይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ብኸመይ ብውጽኢታዊ መንገዲ ትምሃር፡ ስነምግባራዊ ኣካይዳ ትኽተሉ፡ ብኸመይ ተመኪሮ ትለዋወጥ፡ ናይ ምብህሃልን ልዝብን ክእለት ተማዕብል ዝብሉ - ንኸለንትናዊ ዕብየት ዝድርኹ ኣምራት ዝሓቖፈ እዩ። በዚ እምበኣር፡ ኣብ ፈለማ ሰሚስተር ጸዑቕን ኣገዳስን ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ተኸታቲልና። ኣብ ዝቐጸለ ሰሚስተር ከኣ፡ ማዕረ-ማዕረ ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርቲ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ናብ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምኻድ ዘጥረናዮ ፍልጠትን ክእለትን ብቐለሉ ዝጥመት ኣይኮነን። እዚ ኮሌጅ ሕጽረታት፡ ብዘየገድስ፡ ኣፍረይቲ ዜጋታት ንምህናጽ ዝዑብሮ ዘሎ ጻዕሪ ልዑል እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እዛ ዕለት ንዘቐሰምናዮ ክልቲኡ ዓውደ-ትምህርትታት ኣብ ሓደ ብምቕናይ፡ ኣብ መዳይ ትምህርትን ካልኦት ሞያታትን ዘለዉ ለውጢ ንምርግጋጽ ረዚን ሓላፍነት እተሰከምና ኢና። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንዘምሃረና ህዝብናን መንግስትናን ብትግሃት ንኸነገልግል ቃል እንኣትወላ ኣገዳሲት ዕለት እያ" ክብል ገሊጹ።

ካብዚ ብምቕጻል፡ ኣብቲ ዕለት ናይ ክብሪ ዕዱም ኮይኑ ዝቐረበ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንተመረቕቲ፡ ወለድን መማህራንን 'እንቋዕ ፍረ-ጻዕርኹም ክትሓፍሱ ኣበቕዓኩም' ድሕሪ ምባል፡ "ተመረቕቲ ዝምረቑሉ ዘለዉ ኢጋጥሚ፡ ንዊሕ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሃገርና ተጻዒኑ ዝጸንሐ ከለንተናዊ ተጻብኦ ሰጊርና፡ ምኽናይ በበእዋኑ ዝፍሓሱን ዕረፍቲ ዘይህብን ግዳማዊ ውዲታት፡ ሰላምናን ርግኣትናን ብምጥባቕ ኣወሓሲዕ፡ ቀንዲ ኣቓልቦናን ዓቕምናን ናብ ልምዓት ብምስላፍ፡ ዘይንዓቕ ትዕድልትን ብልጫታትን ሃገርና ብሞበእ መዘምዚዙ፡ መሳብርቲ ህዝብና ብዓይነት ንምቕያር ንዕበየት እነንቀሳቐሰሉ ዘለና ወቕቲ እዋን እዩ" ኢሉ።


ሚኒስተር የማነ ኣስዒቡ፡ ጸጋታት ሃገርና ኣብ ኩሉ ጸላታት ንኣሰ እኳ እንተዘይኮኑ፡ እቲ ዘይጸድፍ መራብሒ ንኽተግዳዱ ብልጫታት ግን ብቐንዱ ዓቕሚ ሰብ ምዃኑ ገሊጹ። ኣብዚ ዓለም ብስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ብናህሪ እትውንጨፈሉ ዘላ እዋን፡ ምህርን ሞያውን ዓቕሚ ሃገር ብኸሉ መልክዑ፡ ምስሳን ኣማሪጹ ዘይብሉ ግድነታዊ ዕማም ከም ዝኾነ ኣገንዚቡ። ኣካዳሚያውን ሞያውን ትምህርትን ናይ ምርምር ዓውድታትን ምስ ህልዊ ናይ ቀረባን ርሑቕን መደባትን ፖሊስን ሃገራዊ ልምዓት ዝተኣሳሰር ስርዓተ-ትምህርቲ ተሳኢሉ፡ በበእዋኑ እናተኸለሰ ዘድሊ ትሕተ-ቅርጺ፡ ንዋትን ባጀትን እናተዋደደሉ ብዕቱብ ክትግበር ምጽንሑ ድማ ኣብሪሁ። ፍልጠት ብዘለኦ ማሕበራዊ ክብርታት፡ ከምኡ ድማ ብናይ ስራሕ ወኒን ስነምግባርን ክሰ እንተሎ ኣድማዕነቱ ልዑል ብምዃኑ፡ ተመረቕቲ ብዝቐሰምዎ ተወሳኺ ሞያ ስነምምህርናን ዝተፈላለየ ዓውደ-ትምህርትን ፍልጠት ኣብ ምትግጋር ጥራይ ከይተሓጽሩ፡ ተመሃሮ ብስነምግባር፡ ክብርታትን ቅርሳዊ ወርሻን ህዝቦም ኣብ ምህናጾም ዓቢ ሓላፍነት ከም ዘለዎም ኣዘኻኺሩ። መንእሰይን መማህርን ምኳን መርሓ ለውጥን ምዕባለን ስለዝኾኑ፡ ተመረቕቲ ወኒ፡ ተራኦም ብዕምቈት ተገንዚቦም፡ ንሞያኦም ብዝለዓለ ተገዳስነትን ጽፈትን ክሰርሕሉ ተላብዩ።

ኣብቲ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ብእተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ናይ ድሕረ-ምረቓ ካብ ዝተኸታተሉ ተመሃሮ ሰለስተ ደቂ-ኣንስትዮ ምሉእ ነጥቢ - ማለት 4 ብምምጻእ መዳልያ ተሸሊመን ነይረን። ሓንቲ ካብ'ተን ብሉጻት ተመሃሮ - ቀዳማይ ዲግሪ ብዓውደ-ትምህርቲ ኮምፒካል እንጂነሪን ከምኡ'ውን ኣብታ ዕለት ብስነምምህርና ስነ-ቀጽሪ ብናይ ድሕረ-ምረቓ ዲፕሎማ ዝተመረቐት እንጂነር ካማይል ኣል-ሓሰን መሓመድ ምስጢር ዓወታ ክትገልጽ እንከላ፡ ድሕሪ ናይ ሳዋ ጉዕዞ ተመሃሮ ርእሰ-ተኣማንነትን ግዱ-ርእሰኻ ምኽኣልን ዝብሉ ኣምራት ከማዕብሉን ኣብ ህይወቶም ከታኣታትውዎን ይጅምሩ። በዚ እምበኣር፡ ኣብታ መዳና መንእሰያት ክትክትሎ ዝጀመርካ ሜላ ኣጻናንዓ ይኸውን ኣኣብርሩ፡ ኣብ ኮሌጅ ክትቅጽሎ እንተኽኢልካ ኣብ መሪጸምታ ክትዕወት ግድን ምዃኑ ኣረዲኣ። ቀጺላ፡ "እዚ ናይ ሎሚ ዕለት ዓወት፡ ድምር ውጽኢት ናይ ሓያሎ ዓመታት ጻዕረይ እሞ በዚ ኢጋጣሚ ዓወተይ ንወለደይ ክወፍዮሎም እደሊ" ክትብል ሓቢራ።

ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ትምህርቲ ዝርከቡ ተመሃሮ፡ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ስነ-ቀጽሪ ኣዝዩ ትሑት ወጽኢት ከመዝግቡ ከም ዝረኣዩ ዝጠቐሰት እንጂነር ካማይል፡ ነቲ ኣብ ተመሃሮ ሰፊሑ ዘሎ ጌጋ ርድኢትን ፍርሕን ንምፍዋስ ብቑዓት መማህራን ምፍራይ ኣገዳሲ ረቛሒ ከም ዝኾነ ገሊጻ። ስለዚ፡ ኣብ ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ፡ ነቲ ኣብ ስነ-ቀጽሪ ዘሎ ብድሆታት መፍትሒ ዝኸውን ሓሳባትን ርእይቶታትን ንኽተማዕብል ከም ዝደርኻ ኣፍሊጣ።

ተመራቒ ወልዱ ይሕደጎ እውን፡ ሓደ ካብ'ቶም ድርብ ዓወት ምስ ብጾቱ ኩይኑ ዘጸምበለ እዩ። ብወገኑ፡ ምስጢር ዓወቱ ክገልጽ እንከሎ፡ "ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ እቲ ዝለዓለ ተራ ናይ ወለደይ'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ወለዲ ካብ ንኣስ ዕድመኻ ጀሚሮም ብሞበእ ኩሉኩሉም እንተደኣ ኣዕቢዮምኻ፡ ምስ ኣኸልካ ብሉጽ ፍረ ክትህብ ግድን እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ኣገባብ ኣጸናንዓ ይኸውን ካልእ ንጥፈታት ብመደብ ምትግባርን ዝጀመርካዮ ትልሚ ዓቲብካ ምፍጻምን ድማ ንኽትዕወት ካብ ዝድርኹ ወሳኒቲ ረቛሒታት እዮም። ኣብዚ ኮለጅ ንሓደ ዓመት ዝተኸታተልናዮ ትምህርቲ፡ ነቲ ካብ ዝተፈላለያ ኮለጃት ሒዝናዮ ዝመጻና ፍልጠት ተወሳኺ ድርዒ ኩይኑዎ እዩ። ስለዚ፡ እዚ ስልጠና ብኸመይ ንተመሃሮ ትምህርቲ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ተብጽሖም ዝሕግዘ ከምኡ ድማ ዝለዓለ ሓላፍነት ዘሰኽም እዩ። ፍልጠት ሳንጣ ይኸውን ካልእ መዕቆሪ ዘየድልዮ ረቛሕ ብልሒ ካብ ኩሉ ተመሃሮ ብፍላይ ድማ እቶም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝርከቡ ትምህርቶም ብዕቱብ ክኸታተሉ ይግባእ። ንየም ናብ ኮለጃት ዝጽንበሩ ድማ ኣብ ኮጠንኦም ብዘለዉ ኣሉታዊ ነገራት ከይተጸልዉ፡ ናይ ሓያሎ ዓመታት ጻዕሮም ኣብ መሪጸምታ ንኸበጽሕዎ ከይተሓለሉ ክጽዕሩ ኣለዎም" ክብል ተላብዩ።

ተመራቒት ዳናይት ተኽለሃይማኖት ድማ ንዕለት መመረቕታ ምስ ወላዳ ብምፍኳ'ያ ጸምቢላቶ። ኣብቲ ፈለማ ወላድን ትምህርትን ብሓደ ምኻድ ከቢድዋ ብምንባሩ፡ ኣብ መንጎ ክተቋርጾ



ዶክተር ዮናስ መስፍን

ድሕሪ ዓመት ትምህርታ ክትቅጽል መዲባ ከም ዝነበረት ትገልጽ። የጉዳሲ ብሓገዝ ስድራ-ቤታን መማህራናን ነቲ ትምህርቲ ክትዛዝሞ ከም ዝኸኣለት ትሕብር። ብቐጻሊ፡ ካብ ዓዲ-ኸዕዳድ እናመጽኣት ትምህርታ ንኽትከታተል ተራ ብዓልቤታ እውን ልዑል ምንባሩ ዝጠቐሰት ዳናይት፡ ካልኦት ደቂ-ኣንስትዮ ብእተፈላለየ ብድሆታት


የናታን ክፍሉም


ወልዱ የሕደጎ

ከይተዓንቀፋ ትምህርተን ንኽዛዝማ ትላቦ። ስለዚ፡ ኩሉ ዘይከኣል ዝመስል ኣብ ጉዕዞ ክበደቱ እናቐለለ ስለዝመጽኡ፡ ብፍላይ ደቂ-ኣንስትዮ ብውላድ ይኹን ሓዳር ተሰናኺለን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይርሕቃ ትምሕጽን።

ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኮሌጅ ስነ-ትምህርቲ ኣብ ማይ-ንፍሒ ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ስነ-ስርዓት ምረቓ እዩ። ኣብ 2018 ኮሌጅ ስነ-ትምህርቲ ናብ ኣስመራ ድሕሪ ምግዓዙ ኮነ፡ ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ ተመስሪቱ። ሽዑ ንሽዑ ኮነ፡ ናይ ድሕረ-ምረቓ ፕሮግራም ዲፕሎማ (post-graduate diploma program) ጀሚሩ። እቲ ኮሌጅ ካብ ዝምስረት ሎሚ ንሓሙሻይ ግዜ ተመሃሮኡ የመርቕ ኣሎ። ብሓፈሻ ኮሌጅ ምድላው መማህራን ኣስመራን ኮሌጅ ስነ-ትምህርቲ ማይ-ንፍሒን ኣስታት 8,705 መማህራን ብናይ ድሕረ-ምረቓ ዲፕሎማ፡ ቀዳማይ ዲግሪ፡ ዲፕሎማን ሰርቲፊኬትን ከም ዘመረቓ ይፍለጥ።



# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ውሕጅ ከይመጽአ

*09 ሕዳር 2023*

*ሓሙስ 1:15 ለይቲ*

ካብ ድቃስኪ ኣበራቢረኪ'ድየ ዳየረይ? 'እንታይ ተረኺበ ደኣ ብለይቱ ዲኺ ትብልኒ ዘለኺ?' ገጻትኪ ድርኽ ኢሉኒ፡ ኣይተበርሃክን ድዩ? ኦኦኦ ይቕሬታ ስምዒታተይ ከይኣኽለኪ ብሕቶታት ድብድብ ኣቢለኪ። ስምዕዮ'ም'ሞ እዞም ኣኻልብ ጭንቕ ኢሎም ዝነብሑ ዘለዉ ይመስሉ። ደወል ቤተ-ክርስትያንከ? ስምዕዮ'ሞ። ኣነ ደወል ቤተ-ክርስትያን ክሰምዕ እንክለኹ፡ ኣብ ውሽጠይ ዝፍጠር መቓልሕ ኣሎ። ሕጂ ግን ብዛዕባ እዚ ኣይኩነን ዕላለይ፣ ነቲ ዘምሰኹዎ ከዕልለኪ ኢለ እየ ኣተንሲአኪ። ዝሰመዓኒ ክገልጸልኪ'ሞ በጥ ኢልና ክንድቅስ ዳየረይ።

9:30

ክንዛናጋዕ ዘይኩናስ ቍጠዐና ከነህድእ ኢና ናብታ ብደገ ዋዕ ዋዕ ትብል ዝነበረት ሆቴል ዝኣተና። ኣብ ኣእዛንና ዝበጽሕ ዝነበረ ጓይላ ምስ ኣተናዮ ፍሉይ ነበረ። ኣብ ቀርዓት'ቲ መሳዕስዒ ኣዋልድ ብደስታ ብናጽነት ሰቓጥቀት ክብላ ጸናሓና። ጓይላ ናይ ዓድና ክውላዕ ምስ ጀመረ ኮፍ ዝበለ፡ 'ዝብኢ ይውሰዶ' ከም ዝተባህለ ኵሉ ክሰዕሰዕ ተንሲኡ ንወኒ ተበጀወ። ኣነን ዓርከይን ግን ወኒ ስኢንና፡ ዋላ'ቲ ዝብኢ ይብለዓና ኢልና ኢድና ዝሃብና ክንመስል ኣይተሳእናን። ድሕሪ ብዙሕ ትዕዝብትና ንኑብስና ዕድል ሃብናያ።

"ኣታ ዓርከይ! ከመይ ከመይ ደኣ'ዩ? ንሕና ዲና ዋላስ?" ከይመለአ ዓጸዎ ሓሳቡ።

እንታይ ክብል ከም ዝደለየ ዝተረደኣኒ፡ እቲ ሓሳቡ ኣነ'ውን ይሓስቦ ምንባረይ'ዩ። ወኒ ስምዒታት፤ ሓጐስ፡ ህርፋን ምንባብ፡ ርጉእ መንፈስ፡ እወታዊ ምሕሳብ፡ ምምስጋን ኲታ እቲ ንዓይ ባህ ዘብለኒ ካብ ዝሰእኖ ቀሊል ግዜ ኣይገበርኩን። እዚታት ዘይብለን ወኒ ካበይ ይምጻእ?

"ንሕና ዲና?" ኢለ ምሕሳብ ቀጺለዮ። ዓርከይ'ውን ምሕሳብ ቀጺሉ። ዘሕሰበኒ ጕዳይ ብዙሕ ነበረ። ዘጋጠመኒ ጕዳይ ምሳይ ኲይኑ ክፈትሖ'ዩ ነቒሉ ዓርከይ። ኣብ ብዙሕ ዋላ ንሰማማዕ፡ ኣብተን ውሑዳት ግን ዘይከም'ተን ብዙሓት፡ ብዙሕ ግዜን ክትዕን ወሰድናሉ። ካብ ቀደመይ 'ንሽግረይ ባዕለይ ክፈትሕ ኣለኒ' ዝብል ኣረዳድኣ'ዩ ነይሩኒ። ኣኣብ ኵነት እትወስዶ ተመኩሮ ግን ካልእ'ዩ። ኣብ ገለ ጕዳይ ሰብ ከም ዘድልየካ ተረዲአ። ኣብታ እትውስነላ ግዜ እንተ ዘይወሲንካ ናይቲ ዝሰዕብ



ዕድላት ተኻፋሊ ክትከውን ተኽእሎታትካ ከም ዝውሕድ ኣብ ግዜይ ዘወሰድኩዎ ናይ ተመኩሮ ምህሮ'ዩ። እዚታት ክሓስብ ካብ ጓይላን ኵዳን ብኾፊይ ወጺእኩ።

ሳዕሳዕቲ'ውን ኣብ ስምራ በጽሑ፡ ሓሳብና ኸይወዳእናዮ፣ ሕቶና ከይመለስናዮ። ወዮ ዕምርቲ ጓይላ ንኹላትና ኣብ ሓደ ክትመልሰና ዝደለየት ክትመስል ተዛዘመት። ኣብቲ ዝሓዝዎ ስፍራ ንኽበጽሑ ናይ ገሊኦም ክልተ ስጉምቲ ክንሱ፡ ኣእጋሮም ከም ዝተላሓኸት ላም ምስጓም ኣበዮም፣ ብድፍኢት ኣዕርኹቶም ንኽልተ ስጉምቲ ብሓንቲ ጕተት ሸፈንዎ። እተን ኣሓትና ሄዋናት'ውን ተገማሚዐን፡ እተን ዝተጠጀአ ብቑሊ ዘጠዓማ ናብቶም ኣብ ቀርዓት ሳዕስዒት ዝተላለየኦም ኣወዳት ግዒዘን። ነተን ናይ ሱዳን ኮካ ዝሰትያ ዝነበራ ብጽሞና ቀተልአን። ዋላ ብዕድመ ንኣሸቱ ብምንባረን ኣካል እቲ ሓሳብና ክኾና ግዜ ኣይወሰዳን። ንግዚኡ ዘይተመለሱ ሕቶታት ናይ ሓሳባትና ኣወንዚፍና ነቲ ባር ዳህሳስ ገበርናሉ። ክንኣቱ ከለና በቲ ዝነበረ ምውቕ ስምዒት ተዳሂልና ቀልጢፍና ኢና ኮፍ ኢልና። ቀሩብ ምስ ተረጋጋእና ብኣዒንትና ሰላም በልናዮም። ገሊኦም መምህራን፡ ተመሃሮ፡ ኣገልግሎትን ሽቃጦን። ገሊኦም ከኣ ዘይንፈልጦም ኣጋይሽ ምሳና ከም ዘለዉ ፈለጥና። ካብ ኵሎም ዝሰሓበና ግን ውሽጥና ነበረ።

"እንታይ'ዩ ኲይኑ ወኒ ኣጥፊኡ?" ኢልና ንሕቶና ብሰሓቕ ኣሰነናዮ። ንኽንምልሶ ዓቕሚ ከም ዘወሓደና ክንሃድም ኢልና ናብቲ ገንዘብ ከም ሓው ዝርእዮ መንእሰይ ኣዒንትና ተኸልና። ንሱ'ውን ንነፍሲወከፍ ትዕዝብቲ ቀሉዕ'ዩ ዝነበረ።

"ናበይ'ዩ? ክንድ'ዚ ዝመላለስ፡" ኢልና ኣካል ዕላልና ገበርናዮ። ወዮ ብትዕቢት ወዙ ዝጠፈኦ ሃብታም፡ ሸንቲ ማይ ክቈጻጸር ብዘይ ምኽኣሉ ንሽንቲ ቤት ከም ጅብኡ በይኑ በሓቶ። ንሽንቲ ማይ ኣድነቕናዮ። መመሊሱ ስሪኡ ከም ዘፈትሕ ገይርዎ። ዓርከይ፡ በቲ ዝተመሃሮ ዓውዲ ዘገድሶ ብምንባሩ፡ ከይርእዮ ርእሱ ከም ተመን ክሓብእ፡ ንሱ ኸኣ ከም መፍለስ ርእሱ ከቓድም ኣብቲ ቃልዕ ተራኸቡ። ኣብ ጕድንና ዝነበሩ፡ "ብሃብቲ ወላዲቱ፡ ነዛ መሬት ኣይትጽርኒ ኢልዎ፡" ክብሉ ተሰምዑ። ኣልግብ ኣቢሎም ከኣ "ወላዲቱ ከመይ ኣቢላ ገንዘብ ከም ዘጽናሓትሉ እንተ ዝፈልጥ እዚ ንርእዮ ዘለና ኣይምኾነን። ንጕዕዞ ወላዲቱ ይሕመቕ ይጸብቕ ክብሪ ምሃቦ፡" ዝብል ዘረባ ወሰኹሉ። ብዝኾነ ከምቲ፡ 'ሓደ ሕብሪ ዘውንና ኣዕዋፍ ብሓንሳብ ይነፍራ' ዝበሃል፡ እቶም መኣዲ ዝፈጠሩ ኹሉ-ምሎም ሓደ ይመስሉ ነበሩ። ገሊኦም ግን ሕብሮም ረሲዖም ናይ ብጻዮም ሕብሪ ክላበሱ ወጅሆምን ቅርጾምን ፋሕ ዘበሎም ኣይተሳእኑን። ናይ ዓርከይ ምሕባእ ነቲ ብሸንቲ ማይ ዝተሳዕረ ግሁድ ነበረ። ቅድሚ ሰላምታ፡

"ተለፎንካ ኹሉ ግዜ ቢዚ! መቸም ኣብ ዓዲ ዕውራት ሓደ ዓይኑ ይነግስ'ዩ ነገርካ፡" ፋሕ ፋሕ እናበለ።

"ኣጋጣሚ'ዩ ዝኸውን! ቤት ጽሕፈትና ግን ኩሉ ግዜ ክፉት'ኳ እዩ።" ካብ ስራሕ ወጻኢ ብዛዕባ ስራሕ ከዕልል ኣይደልን'ዩ፣ መደብ እንተ ዘይሒዙ።

"ስራሕካ ምምጻእ ቀሊል'ዩ ነይሩ። ግን ኣብ ደገ ክረኽበካ'ሞ ተረባሕካ ኢለ'የ፡" ኣብ ጣውላና ተደገፈ።

"ስለ'ቲ ሓሳብካ የቐንየለይ። ናይ ስራሕና ነገር ግን ትፈልጦ እንዲኻ ኣብ ቤት ጽሕፈት እንድዩ ዝውዳእ፡" ዝኹነ ከይወሰኸ ክኸደሉ እናደለየ።

"ካልእ ኣይትምሰል ደቂ ቤት ትምህርቲ ኢና ኔርና። ሕጂ ንስኻ ኣብ ቤት ጽሕፈት እንተ ወዓልካ ዓቢ ነገር ኣይምሰልካ። ተበራበር ንምንታይ ዲኻ ተማሂርካ?" ብኣመልካቲቶ ኣጻብዕቱ እናመልከተ ርእሱ እናሃረመ ገዲፉና ከደ።

"ንምንታይ ኢኻ ተማሂርካ? ዓርከይ፡" ኣልግብ ኣቢለ ሓተትኩዎ። ዘረባ ሰኽራም ኣንፈቱ ናበይ ምዃኑ ንለባም ኣምተሉ'ዩ ገይርዎ። ነገር ዓርከይ ግን ክፈልጥ ደለኹ። ውሕጅ ከይኩኖ'ሞ፡ ከይተረደአ ከይወስዶ፡ ከትሪ ክገብረሉ ሓለንኩ።

"ንምንታይ ተማሂረ?" ተመሊሱ ሓተተኒ። ግር ኢልዎ። ኣብ ውሽጥኻ ዘይጸንሐ ሓሳብ ከምዚ ገይሩ'ዩ ሸለው ዘብለካ። ብውሽጠይ 'እንቋዕ እዚ ብዓል ግናይ ሓሳብ ምሳና ኣይጸንሐ' በልኩ። እንደገና ከም ጋሻ ውሕጅ ብሓይሊ ከይመጽአ እንክሎ ግን ኣነን ዓርከይን ነቲ ዝጽበየና ድልድል ከነደልድል ተንሲእና ወጺእና።

እዮቤድ ተስፋብሩኽ

*26 ሓምለ 2024*

*02:10 ድ.ቐ.*

መገዲ ሓጐሲ፡ ከምዚ ሽው ኢልካ ትበጽሖ ገይሩ ዘዕልል መሓዛ ኣሎኒ። "ክንሕጐስ ምርጫ ኣይኰነን ግዴታ እዩ፡" እናለበለ'ዩ ዝዛረብ። ንዓይ ብዙሕ ኣይርድኣንን እዩ። ከምዞም ሓንቲ ናይ ፈረንጂ ናይ ስነ-ልቦና መጽሓፍ ኣንቢቦም፡ እግሮም ኣብ ጭቃ ዓዶም ተለዊሱ እንከሎ፡ ብደበና ዝጓዓዙ ዘለዉ ዝመስሉም ሰባት ኲይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። እቲ በቲ ዝተሓተ ህይወት ዓዱ (ብመንፈስ፡ ብንዋትን ፍልጠትን) ዝተፈተነ፡ ኵሉ ሰጊሩ 'ኣጆኺ ሓብተይ ክሓልፍ'ዩ፣ ኣነ'ኳ ሓሊፈዮ፡' እንተ በለኒ፡ ከምቲ ኣቦታት፡ 'ልቢ ወዲሰብ ክትፈልጥ፡ ብናትካ ጀምር፡' ዝበልዎ፡ ብናቱ ስለ ዝጀመረ ዘረባኡ ባይታ ኣየዕልቦን። መንሳፈፊ መሓዛይ ግን ካብ ካልእ ዓለም ዝመጽአ'ዩ ዝመስል። ብዙሕ ይፈልጥ'ዩ፣ ብዙሕ ይዛረብ'ዩ፣ እቲ ሓቀኛ ፍልጠትን ዘረባን ድዩ ኣይኮነን ግን እንድዒ! ሓቀኛ ፍልጠትን ዘረባን ብባህሪ ንዓይ ዝመስል ኲይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። ሓትነይ ክናፍቕ ዘገድደኒ ኣይመስለንን።

ብሌን ግርማይ

## ቀዳመይቲ መዓልቲ ቈጸራይ



*12 መጋቢት 2024*

*10:30 ድ.ቐ.*



ኣብ መጀመርታ መዓልተይ ብዙሕ ሃተፍተፍ ክብል የብለይን ኢለ ሓሲበ። እዛ ናይ ሎሚ ቈጸራና ናይ ፈለማ በይንና ንራኸበላ ዘለና እያ። ኣብዚኣ ገለ ተምሳጥ ክሓድገሉ ተዳልየ ኣለኹ። ኣብ ስራሕና ትደጋገም ናይ ቢዝነስ ምኽሪ ኣላ። First impression is lasting! ዓሚል ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ዝመጽኣካ እንተ ኣሕጕስካዮ፡ ናይ ወትሩ ዓሚልካ'ዩ ዝኸውን። ጽቡቕ ኣገልግሎት እናሃብካ ናይ ኣጋጣሚ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ደስ ዘየብል ነገር እንተ ርእዩ ግን ኣይምለሰካን እዩ።

ህይወተይን ልበይን ግን ከም ዱኳን ኣይኮነን። ዘዝመጽአ ከም ባህታኡ ዝኣትወሉን ዝወጽኣሉን ኣይኮነን። እታ ፕሪንሲፕል ግን ኣብ ንግዲ ጥራይ ዘይኮነት ኣብ ዝምድና'ውን ክትሰርሕ ተኽእሎ ኣለዋ። ንበረኸት ኣብዛ መዓልቲ ዘሰንብዶ ባህሪ ከርእዮ የብለይን። ክንድኡ ዘሰክፍ ባህሪ የብለይን። ንሱ ግን ኣንፈቱ ናበይ ምዃኑ ክሳብ ዘይፈለጥኩ ክግራህ የብለይን። ድልየታቱ፡ ስምዒታቱ፡ ኣባይ ዘለዎ ኣረኣእያን ካልእን ክፈልጥ ኣይከኣልኩን። ስለዚ፡ ወገናቱ ክሳብ ዝርእዮ ባህረይ ዘይኩነ ቀሩብ ዝሕል ኢለ ከምሲ እየ።

እዛ ቈጸራ ካብ ዝሕዛ ኣይቀሰንኩን። በብእዋኑ ዝኣከብክዎ ምኽሪ ከይፈተኹ ተመሊሰ ክርእዮ ጀሚረ። ኣብ ናይ ዓስራይ ክፍሊ ኣጀንዳይ "ኣብ ቀዳማይ ቈጸራኺ ክትገብርዮ ዝግባእ ጥንቃቐታት" ብምባል መርሃዊት ዝጸሓፈትለይ ከም ቀዳማይ ስንቀይ ሒዘዮ።

1. ንፍዕቲ ሰማዒት ኩኒ፣ 2. ልዕሊ ሓደ ሰዓት ግዜ ኣይትውሰዲ፣

3. ፍሽኽ ምባል ኣይተቋርጺ፣ 4. ብዙሕ ኣይትዛረቢ፣

5. ሱቕ ኣይትበሊ፣ 6. ዋዛኡ ከየኽፋእኪ ሰሓቒ፣

7. ኣይትሕመዩ፣ 8. ጽቡቕ ምሸት ከም ዘምሰኺ ንገርዮ።

እዚኣን ክትግብረን እሓስብ ኣለኹ።

ኤደን በ.

# ኣንኮሮ

ማርታ ክብሮም

## እቲ 'በዓል ቆርበት ክዳን'

ኩሉም ነበርቲ እታ ዓዲ እዮም ዝፈልጥዎ ግና ንገዱ እምበር መንነቱን ድሕረ ባይታኡን ዝፈልጥ ሰብ የለን። ኣብ ከባቢ 1839 ተወሊዱ ክኸውን ከምዝኽእል ግምታት ኣሎ። እዚ 'በዓል ቆርበት ክዳን' ብዝብል ስም ዝፍለጥ ሰብኣይ ኣብ 1857 እዩ ኣብ ከተማ ወስትቸር ኣብ መንጎ ሩባታት ኮትኪካትን ሁድሶን ኣብ ዘሎ ኣከባቢ ክርአ ጀሚሩ። ካብ ርእሱ ክሳብ እግሩ ብቆርበት ዝተሰርሐ ሪዚን ክዳንን ቆብዕን ገይሩ ነበረ። ከባቢ 60 ፓውንድ ዝምዘን ነዊሕ ቡት ጫማ ድማ ይጉብር ነበረ። ንሱ ካብ ገለ ህልቂት ዝምለጠ እዩ ዝመስል ነይሩ። ተቐመጥ'ቲ ናይ'ቲ ከባቢ መጀመርታ ዋላ'ኳ ዝጉዳእ ማሰልዎም እንተፈርሕዎ፡ ደሓር ግና ልዙብን ሕያዋይን ምዃኑ ተረደኦ።

ስብርባር ቋንቋ እንግሊዝ ክዛረብ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ ብዙሕ ምዝራብ ግና ኣይፈቱን ነበረ። ቋንቋ ፈረንሳ ግና ብዘየገድስ ይመልኽ፤ በዚ ቋንቋ ዝተጻሕፉ መንፈሳውያን መጽሓፍቲ እውን ነበርዎ። ንሱ ካብ ፒካርዲ - ፈረንሳ ወይ ካናዳ ምዃኑ ዘረብታት ክመጻእ ጀመረ። ኣብ መዓልቲ ዓርቢ ስጋ ዘይበልዕ ብምንባሩ ድማ ሮማዊ ካቶሊክ ክኸውን ከምዝኽእል ጠርጠሩ።

እዚ ሰብኣይ ካብ ወስትቸር ተበጊሱ ናብ ደቡባዊ ፑትናም ተጓዒዙ ኣብ ፒርዲ- ድሕሪ ምዕራፍ ናብ ክንሲኮ፡ ክሮቶን፡ የርክታውን፡ ብርያክሊፍን ንከባቢ 228 ኪሎ ሜተር ብእግሩ ተጓዒዙ። ነዚ ርሕቀት'ዚ ክጕዓዝ ከባቢ ሓደ ወርሒ ወሲደሉ። ነዚ ድማ ቀጻሊ ይጉብሮ ነበረ። ስለዚ ንሓሳ ወከፍ ከተማ ኣብ 34-36 መዓልቲ ይምለሳ ነይሩ ማለት እዩ። ኩሉ ግዜ ድማ ኣብ ዝረኸቦ በዓቲ ይሓድር ነበረ።

ኣብ ጉዕዞኡ ድማ ካብ ዝረኸቦም ሓረስቶት መግቢ ይልምን ነበረ፤ እዚ ጉዕዞኡ ልሙድ ስለዝነበረ ብዙሓት ኣንስቲ ኣብ ከተማኦን ከምዝሓለፈ ምስ ዝፈልጣ ንዕኡ ኢለን መግቢ የዳልዋን ቆጺረን ይሀብኦን ነበራ። ኩሉግዜ ኣብ ዝኣትዎ ዓዲ ወይ ከተማ ናብ ምብራቕ ትጥምት ገዛ ብምኽታሕ መግቢ ይሓትት ነበረ። መግቢ ምስ ረኸበ ድማ ብቋንቋ እንግሊዝ 'የቐንየለይ ጎርዞ' ይብል ነበረ። ግና ቁሊሕ ኢሉ ናብ ዝኾነ ገጽ ሰብ ኣይጥምትን ነበረ። ሕያዋይ ብምንባሩ ዝፈርሖ ሰብ ኣይነበረን።

እዚ ህዱእ ተጓዓዛይ ኣብተን ዝጐዓዘለን ዝነበረ ከተማታት ኣዝዩ ህቡብ ኮነ። ኣብ ጉዕዞኡ ብውሕዱ 10 ከተማታት ኮኣቲኻት እዩ ዝሓልፍ ነይሩ።

ሓደ ግዜ ገዛውቲ ናጽንትን ስለዝደለየ ካብቲ ኣቐሚጥዎ ዝነበረ ገዛውቲ ኣምጺኡ። ነቲ ገዛውቲ ካብይ ኣምጺእዎን ኣበይ ኣቐሚጥዎ ነይሩን ግና ዝፈልጥ ሰብ የለን።

ሓደ ብዓል ዱካን ግና እቲ 'በዓል ቆርበት ሰብኣይ' ቅድሚ ምምጻኡ፡ ሓደ ሰብ መጺኡ ገዛውቲ ከፈልሉ ይኸይድ ከምዝነበረ ይገልጽ። ኩል ግዜ ድማ፡ ሓንቲ ባኒ፡ ሓንቲ ታኒካ ሳርዲን፡ ክልተ ኩባያ ቡንን ሓንቲ በራን ይገዝእ ነበረ።

ሬሳ 'በዓል ቆርበት ክዳን'፡ ኣብ 24 ማዝያ 1889 ኣብ ሰው ሚልስ ወደስ ኣብ ዝርከብ በዓቲ ተረኺቡ። ዋላ'ኳ ከቢድ ናብራ ይነብር እንተነበረ፡ ኩነታት ጥዕንኡ ግና ምሉእ ነበረ። ጠንቂ ሞቱ'ኳ ብገጸር እንተዘይተፈልጠ፡ ዝሕይኾ ዝበረ ትምባኾ ናይ ኣፍ ካንሰር ኣስዒቡሉ'ሞ ብሰንኩ ሞይቱ ክኸውን ከምዝኽእል ይግለጽ። ኣብ መቓብር ስፓትራ ድማ ተቐቢሩ።

መንነቱ ብልክዕ ስለዘይተፈልጠ፡ ድሕሪ ሞቱ ሬሳኡ ክምርመር ተወሲኑ። ድሕሪ ሞቱ ድሕሪ ቑሩብ ግዜ፡ መንነቱን ድሕረ ባይትኡን ክፍለጥ ተኻኢሉ። ሓደ ግዜ ምስ ሓንቲ ጓል ሃብታምን ወራሲት ኣቡኣ ዝነበረትን መንእሰይ ፍቕሪ ሓዙ፤ ንሳ ግና ንሕቶ ፍቕሩ ክትቅበሎ ስለዘይከኣለት ንፋብሪካ ኣቡኣ ኣቃጺሉ ንዓኣ ድማ ቀቲሉ፤ ንሱ'ውን ሃብታም እዩ ነይሩ። እንተኾነ ሰድርኡ ነታ ጓል ከምዝቐተላ ስለዝጠርጠሩዎ ናብ ኣመሪካ ሃደመ። መንፈስ እታ ዝቐተላ ጓል ግና ዕረፍቲ ከልኦ።

መርመራ ተወዲኡ፡ ሬሳ ምስ ተቐብረ ድሕሪ ቑሩብ ግዜ ግና ሬሳኡ ክርከብ ኣይተኻእለን። ሓላዊ ናይ'ቲ መቓብር፡ ዝኾነ ሰብ ናብ መቓብሩ ቀሪቡ ከምዘይፈለጥ እዩ ገሊጹ። እቲ መቓብር ምስ ተኸፍተ'ውን ኩሉ ከምቲ ዘቐመጥዎ እዩ ጸኒሑዎም፤ ብጀካ ሬሳ እቲ 'ብዓል ቆርበት ክዳን'።

ዋላ'ኳ ንምርካቡ ብዙሕ ጻዕርታት እንተተገብረ፡ ክሳብ ሕጂ ግና ግደሉ ዘይተፈልጠ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።



## ቀቢላ ውዳቢ

ኣባላት ቀቢላ 'ውዳቢ'፡ ኣብ ሰሃራ - ኒጀር ምስ ሃሩር ቀትርን ቀዝሒ ለይትን ተሳኺዮም ብመጓሰ ይነብሩ። ኣብ ክረምቲ፡ ሳዕሪ በቒሉ ኩቡቶም ስለዝሰብሑ፡ ውዳቢ - "ህይወት ክልተ ገጽት እዩ ዘለዋ - ሓገሰን ምረትን" ኢሉም እዮም ዝዛረቡ።

ደቂ ተባዕትዮ ውዳቢ፡ ወጋሕታ ብምትንሳእ ኣእዳዎምን ገጾምን ይሕጸቡ። ነተን ኣብ ቅድሚ ኣግኡቶም ዝሓደራ ኩቡቶም ብዓይኖም ድሕሪ ምኽኣል ከኣ፡ ሓዊ ኣጉዶም ሻሂ የፍልሑ። ሻሂ ምስ ፈልሐ፡ ንኣንስትዮምን ደቆምን ኣተንሲኦም፡ ካብ'ታ ካብ የማነይቲ ኢዶም ዘይትፍለ ናይ ቆርበት ንእሽቶይ ሳንጣኦም ሽኮር ብምውጻእ፡ ክቓድሑሎም ይጅምሩ። እታ ኣደ ድማ፡ ካብ'ተን ኩቡቲ ጸባ ሓሊባ ንደቃ ተሰቲ።

ደቂ ኣንስትዮ ውዳቢ፡ ምሉእ መሳል እዩ ዘለወን። እተን ብዕድመ ዕብየ ዝበላ ኣደታት፡ ላዕለዋይ ክፋል ኣካላተን (ካብ ማዕጠቓን ንላዕሊ) ኣይሽፍናን እየን። ዓሰርተ ዓመት ዝበጽሓ ህጻን ከኣ፡ ብሕቡሪ ዘጌጸን ዓበይቲ መላግም ዘለዎን ምሉእ ክዳን ትኽደን። መበል 17 ዓመታ ምስ በጽሐት ድማ፡ ካብ'ቶም ንመርዓ ዝሓትቱ መንእሰያት፡ ነቲ ደስ ዘበላ ብምምራጽ ሓዳራ ትምስርት።



ኣብ ውዳቢ፡ ጽምብል መርዓ እቲ ዝቐለለን ብዙሕ ወጻኢታት ዘይግበሮን ኢጋጣሚ እዩ። እታ መርዓት ቦኽሪ ውላዳ ምስ ተገላገለት ግን፡ ዒቢ ጽምብል ይካየደሉ። ሓሙሻይ ወርሓ ዝረገጸት ነፍሰጾር፡ ናብ እንዳ ስድራኣ ብምኻድ ኣብኡ ኮይና ትሓርስ። ውላዳ ክልተ ዓመት ምስ ገበረ ድማ፡ ናብ ሓዳራ ትምለስ እሞ፡ መቐርጣን መሓዙታን ብርኽት ዝበሉ ካብ ሓምሓም ዝተሰርሑ ኣቕሑ ገዛ ይህብዋ። በዓል ቤታ፡ ካብ ላኻ ዝተሰርሐ ማሕለኻ ብምሃብ - "እዘን ኩለን ኩቡቲ ናትኪ እየን" ይብላ። ሓንቲ ሰብሒቲ ላም ብምሕራድ ድማ፡ ንስሙን ዝቐጽል ጽምብል ይካየደሉ።

ደቂ ተባዕትዮ ውዳቢ፡ ኣብ ምምልኻዕ ኣዝዮም እዮም ዝግደሱ። ፍሩያት ኣዒንትን ጸዓዱ ኣስናንን፡ ቀጢን ኣካላትን እቲ ቀንዲ መግለጺ ጽባቐ ብምዃኑ፡ እቶም ዘይመስሉ ኣጉባዚ ዓመታዊ ኣብ ዝካየድ ፈስቲቫል ኣግማል "ጃርል" ብምስታፍ፡ ንዘለዎም ጽባቐ ከንጸባርቑ ይጽዕሩ። ደቂ ተባዕትዮ፡ ኩሉ ኣገባብት መጸባበቒ ክጥቀሙ እንከለዉ፡ ደቂ ኣንስትዮ ግን እንትርፎ ገጽን ብማይ ምሕጻብ ካልእ ኣይገብራን እየን። እተን ዘይመስላ ጎረዙ ኣብ'ቲ ፈስቲቫል ብምስታፍ፡ ካብ'ቶም ክስዕበው ዝምስዑ መንእሰያት ነቲ ደስ ዘበለን ይመርጻ። ሓንቲ ጎርዞ ኣቐዲማ ዓይና ዘውደቐትሉ መንእሰይ፡ ካልእ ክትወስዶ ኣይትኽእልን ኢያ።

ምስ በዓል ቤታ ምንባር ዝጸልኣትን ዘይወለደትን ውዳቢ፡ ናብ'ቲ ፈስቲቫል ብምኻድ፡ ንዓኣ ዝኸውን መንእሰይ ትመርጽ። ፍቓደኛ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ሒዚዋ ብምኻድ ኣብ በረኻ ይሓብኣ። እቲ በዓል-ቤታ፡ ኣብ ዓበይቲ ዓዲ ብምኽሳስ ካሕሳ ይሓትት። ሽዑ፡ ስድራ ናይ'ቲ ወድን እታ በዓልቲቤቱን ሓቢሮም ሓደ ጻዕዳ ጠልዕ ክሽፍኖም ይህቡዎ። ብድሕሪ እዚ፡ ንሳ ምስ'ቲ ዝመረጸቶ ትነብር።

## ካብ ንጹላት ኣህዛብ ዓለም

**ህዝቢ ኦሞ፦** ቀቢላ ኦሞ ኣብ ደቡባዊ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ህዝቢ እዮም። ምስ ካልእ ክፋል ዓለም ብዙሕ ርክብ ዘይብሎም ኮይኖም፡ ፍልይ ዝበለን ጥንታውን ልምድታት ዘለዎም እዮም። እዞም ቀቢላ ንብዙሕ ኣማኢት ዓመታት ኣሰር ኣቦሓጎታቶም እናሰዓቡ እዮም ዝኸዱ ዘለዉ። ኤሌክትሪሲቲን ካልእ ኣገዳሲ ትሕተ ቅርጺን የብሎምን።

ህዝቢ ኦሞ ፍልይ ዝበለ ባህላዊ ወግዕታት እዮም ዘውንኑ፡ ሓደሓደ ግዜ ሱሓቢ ስእልታት ኣብ ኣካላቶም ይገብሩ። ኣብዚ ህዝቢ 16 ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ኣለዉ። ኩላቶም ድማ ኖናቶም ባህልን ቋንቋን ኣለዎም።

ህዝቢ ኦሞ ምስ ተፈጥሮ ፍልይ ዝበለ ምትእስሳር እዩ ዘለዎም። ምቅይያር ወቕትታት፡ ዓመታዊ ኣግራብን ኩነታት ኣከባቢን ንህይወቶም ኣዝዩ እዩ ዝጸልዎ። ትሕተ ቅርጺ ናይዚ ዝነብሩሉ ኣከባቢ ግና ምቹእ ኣይኮነን። ስለዚ ቁጽሪ ናብዚ ከባቢ ዝመጽኡ በጻሕቲ ኣዝዩ ውሑድ እዩ።



**ህዝቢ ዛፖቴክ፦** ብዙሕ ሰብ ህዝቢ መክሲኮ ቋንቋ ስጳኛ ከምዝዛረቡ እዩ ዝሓስቡ፤ ኣብዛ ሃገር ግና 68 ቋንቋታት እዩ ዝዛረቡ። ናቶም ጥንታዊ ቋንቋታት ዝዛረቡ ብዙሓት ቀቢላታት ኣለዉ። ሓደ ካብኦም ህዝቢ ዛፖቴክ ኮይኖም ኣብ ኦክሳካ ስቴይትን ከባቢኡን ዝነብሩ እዮም። እዚ ቦታ ብሞጊካታትን ኃጦታትን ዝመልአ እዩ። ህዝቢ ዛፖቴክ ቋንቋ ስጳኛ ኣይዛረቡን እዮም። ዝበዝሕ ግዜ ኣሕምልቲ ይምገቡ፡ ገዛውቶም ድማ ብኣዕጻው ይሰርሑ። ምስ ጎረባብቶም'ውን ርክብ ዘይብሎም ንጹላት ኣህዛብ እዮም።

**ቀቢላ ዋዩ፦** ኣብ ኮሎምቢያ ዝነብሩ ኮይኖም ሱሓቢ ባህሊ ዘውንኑ እዮም። ዝበዝሑ እዞም ቀቢላ ብሰርሓት ኢደ ጥበብ ናብርኦም ይመርሑ። ኣብ መላእ ሃገር ድማ ቦርሳታት ናይ ኢድ ንዕዳጋታት ሃገርም መለእዎ ይርከቡ። እዚ ቦርሳ ብደቂ ኣንስትዮ ዋዩ እዩ ዝስራሕ።

**ቀቢላ ኩቻ፦** እዞም ቀቢላ ዝበዝሑ ኣብ ፔሩ፡ ብውሑድ ቁጽሪ ድማ ኣብ ኣርጀንቲና፡ ቺሌ፡ ቦሊቭያ፡ ኮሎምብያን ኢኳዶርን ይነብሩ። ቋንቋ ኩቻ ካልኣይ ዝዓበየ ወግዓዊ ቋንቋ እዩ። ከባቢ 4 ሚልዮን ድማ ተዛረብቲ እዚ ቋንቋ ኣለዉ። እዞም ቀቢላ ብሕርሻን መጓሰን ዝነብሩ ኮይኖም ኣዝዮም ጻዕራማትን ህርኩታትን እዮም። ብዘይካ'ዚ ህዱኣትን ብዙሕ ዘረባ ዘይፈትዉን እዮም።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቈላሕታ ዝሰሓበ ፍጻመታት ኵዕሶ እግሪ

### ኣሚር ዓሊ.

***ዓሊ. ዲያ፡ ንፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘታለለ ተጻዋታይ***

ኣብ ተፈታዊ መድረኽ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘጋጠመ ፍጻመ'ዩ። ንገለ ብስሓቕ ክርትም ዘብል፡ ንገለ ገለ ድማ ከመይ ኣብሉ ኣብዚ ዝዓበየ ሜድያን ብዒል ሞያ ዘለዎን ጸላዊ ሊግ፡ ከምዚ ክፍጠር ክኢሉ ብምባል፡ ክሳብ ለይቲ ለሚ ዝገረመሉ





ክስተት'ዩ። እዚ ታሪኽ፡ ናይ ሓደ ደፋር ናይ ኵዕሶ እግሪ ሰብ ታሪኽ'ዩ። መጽሔት ዘ ታይምስ፡ ዓለም ኣብ ሜዳ ካብ ዝረኣየቶም ኣጠፋፋእቲ 50 ተጻወትቲ ኵዕሶ እግሪ ብቐጽሪ ሓደ ኣቐሚጣቶ ኢያ። ዘ ሳን ከኣ፡ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ዓለም ዘይረብሑ ዓሰርተ ተጻወትቲ ኢላ ዝዘርገሓቶ። ደይሊ. መይል ከኣ፡ ሓምሳ ዘሕርቑ ኣጥቃዕቲ ዓለምና ኢላ ኣብ ዘውጽኣቶ ዝርዝር፡ ኣብ ራብዓይ ተርታ ኣቐሚጣቶ። ኣብ ኩሉ ሕማቕ ታሪኽ ኵዕሶ እግሪ፡ ናይዚ. ተጻዋታይ ስም ወትሩ ምስ ቀዳሞት ምስ ሰፈረ'ዩ - ዓሊ. ዲያ።

እዚ ታሪኽ ኣብ 1996 ዘጋጠመ ኣገራሚ ፍጻመ'ዩ። ኣብ ፕሪመር ሊግ ከምዘጋጠመ ዝገልጽ ጭብጢ. እንተዘይኑብር ነይሩ፡ 'ጭርቃን' ወይ ድማ 'ኮሜዲ' ምተበሃለ።

ሓደ ረፋድ ናይ'ቲ ኣሰልጣኒ. ሳውዝሃምፕተን ዝነበረ ግርሃም ሶነስ ተንቀሳቓሲት ስልኩ ተደወለት። ደዋሊ፡ ላይበርያዊ ኣጥቃዓይ ጆርጅ ዊያ ምዃኑ ሓበረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጆርጅ ዊያ፡ ብደረጃ ዓለም ቁጽሪ ሓደ ተጻዋታይ ዝነበረሉ እዋን'ዩ። ኣብ 1995 ዊያ ናይ ዓለምና ዝበለጸ ተጻዋታይ ተባሂሉ፡ ሽልማት ባሎን ዲኦር ዝዓተረ ብሕታዊ ኣፍሪቃዊ'ዩ። እዚ. ኣብ እዋኑ ጸላዊ ዝነበረ ተጻዋታይ ምድዋሉ፡ ንግርሃም ሶነስ ኣሓጒሱ። ኣብ ትሕቲ ሶነስ ትዕለም ዝነበረት ሳውዝሃምፕተን፡ ናብ ታሕቲ ንዘይምውራድ ትቃለስ ዝነበረት ግዜ'ዩ። ጆርጅ ዊያ እየ ኢሉ ዝደወለ ሰብ፡ ንሶነስ "ሓደ ዓሊ. ዲያ ዝበሃል ብሉጽ ተጻዋታይ ኣሎ። ወዲ ሓትነይ'ዩ። እንተደኣ ኣፈሪምካዮ ንክለብኩም ካብ ምውራድ ከድሕኖ'ዩ። ክትግረመሉ ኢኻ። ንሱ፡ ምስ ፒኤስጂ ተጻዊቱ ዝሓለፈ'ዩ። ንሃገራዊት ጋንታ ሴኔጋል ዝተጻወተ ንዓ6 ሹቶ ኣመዝጊቡ'ዩ።" ኢሉ ተሌፎኑ ዓጸወ። ሶነስ፡ ዝ. ምስ ሰምዐ ኣሉታዊ መልሲ. ክህብ ኣይክኣለን። ምኽንያቱ እቲ ደዋሊ፡ ዊያ ስለዝነበረ። ኣብዚ. ተጻዋታይ ከኣ፡ እምነት ኣሕደረ። ዝኾነ ምጽራያት ከይገበረ ናይ ሓደ ወርሒ. ውዕል ኣፈረሞ።

ዲያ፡ ናብ ፕሪመር ሊግ መጽአ። ኣባላት ሳውዝሃምፕተን ሓደ ብሉጽ ተጻዋታይ ምምጽኡ ሰምዑ። ቁጽሪ 33 ማልያ ድማ ተዋህቦ። ዲያ፡ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ዝተዋስኦ ኮሜዲ፡ ካብ መጀመርያ ናይ ልምምድ ግዜ ኣትሒዙ'ዩ ሕንቅል ሕንቅሊተይ እናኾነ ዝኸደ።

ፈለማ ዓርቢ. ንግሆ ናብ ልምምድ ኣይመጸን። ታሪኻዊ ተጻዋታይ ሳውዝሃምፕተን ማትየው ሊ.ቴሰየ፡ ነቲ ኣጋጣሚ ክዘክሮ እንከሎ "ንዊያ ወዲ ሓትንኡ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ፡ ብናይ ዊያ ምርጫ ናብ ጋንታና ዝመጸ ዓሊ. ዲያ ተላሊናዮ። ልምምድ ጀመርና። ሓቂ ንምዝራብ መጀመርያ ግርዩ ኢሉና። ደሓር ግን፡ ክንስሕቕ ጀመርና። ልክዕ'ዩ

ተጻወትቲ ንፈተና ይመጽኡ እዮም። ከይሰለጦም'ውን ክኸዱ ይኽእሉ'ዮም። ናይዚ. ተጻዋታይ ግን፡ ናይ ብሓቂ ዝተፈልየ'ዩ። ኵዕሶ ምጽዋት ኣይክእልን እዩ ነይሩ። ልምምድና ወዳእና ናይ ጸወታ መዓልቲ ኣኸለ። ይዝከረኒ እቲ ዝቐጽል ግጥምና ምስ ሊደስ'ዩ ነይሩ። ሶነስ ንዲያ ኣብ ዝርዝር ኣስማት ጋንታና ኣካቲቶ። ካብ መንኾና ዘይተገረመ ተጻዋታይ ኣይነበረን። ኣብቲ ምስ ሊደስ ዝነበረና ግጥሚ፡ ኢጋጣሚ ኣነ ስለ ዝተሃረምኩ ኣብ መበል 32 ደቒቕ ዓሊ. ዲያ ተቐዪሩ ኣተወ። ካብዚ. ንደሓር ዝተፈጥረ ነገር ኣዝዩ ዘሕፍር'ዩ ነይሩ። ዲያ፡ ናብ ሜዳ ምስ ኣተወ ከም ብተይ እናዘለለ ናብ ኩሉ ኩርናዓት ሜዳ ምጉያይ ጀመረ። ኣብ ናትናን ኣብ ናይ ኣንጻር ጋንታናን ሜዳ ብዘይ ዕረፍቲ ጎየየ። ደገፍትን ተጻወትቲን ብስሓቕ ተፈሓሱ። ሶነስ ቀዪሩ ኣውጽኦ። ተቐዪሩ ኣትዩ ተቐዪሩ ወጽአ።" ክብል ነቲ ፍጻመ ይዝክሮ።

ኣብ ኣፍ ማዕከናት ዜና እንግሊዝ ዝኣተወ ዲያ። 'ናይ ብሓቂ ዲዩ ጆርጅ ዊያ ዝ. ተጻዋታይ ናብዛ ጋንታ ክመጽእ ንዋላሚ ሳውዝሃምፕተን ደዊሉሉ። ናይ ብሓቂ ዲዩኸ ወዲ ሓትንኡ?' ዝብሉ ሕቶታት ክለዓሉ ጀመሩ።

ዲያ ግን፡ ሓሚመ ብምባል ከይተረኽየ ተረፈ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ መንነ ተጻወትቲ ሳውዝሃምፕተን ተቐልቀለ።

ጸኒሑ ግን ሓንሳብን ንሓዋሩን ናብ ሳውዝሃምፕተን ከይተመልሰ ተረፈ። ብዲያ ዝተታለለት ሳውዝሃምፕተ ውዕል ዲያ ሰረዘቶ። 'ዲያ ግን መን'ዩ?' ዝብል ሕቶ ቀጸለ።

ታሪኹ ምስተገዝአ፡ ዲያ ንሃገራዊት ጋንታ ሴኔጋል ተጻዊቱላ ከምዘይፈልጥ፡ 'ንፒኤስጂ ወኪሉዋ' ዝብል ወረ'ውን ወጽኡ ሓሶት ምንባሩ ተገልጸ። ፒኤስጂ፡ "ዲያ፡ ማዕጾና ረጊጹዎ ኣይፈልጥን'ዩ ከምዚ. ዝበሃል ተጻዋታይ'ውን ኣይንፈልጦን ኢና።" ብምባል መግለጺ. ኣውጽኣት። ዲያ፡ ኣብ ፈረንሳ ኣብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ምስ እትርከብ ስም ዘይብሉ ጋንታ፡ ክጻወት ፈተነ ከምዝገበረ ብወረ ተሰምዐ። ሓደ ዝተረፈ. ነገር እንተነይሩ፡ ንዊያ ብወግዒ ምሕታት እዩ። ኣብ እዋኑ ኮኾብ ተጻዋታይ ዓለም ዝነበረ ዊያ ተሓተተ፡ "ናብ ሶነስ - ኣሰልጣኒ. ሳውዝሃምፕተን ደዊልካ፡ ወዲ ሓትንኻ ዓሊ. ዲያ ምስ'ታ ጋንታ ከም ዝፍርም ገይርካ፡ ስለምንታይ?" ዝብል ደጊሙ ሕቶ ቀረበሉ። "ኣነ ናብ ሶነስ ኣይደወልኩን። ዲያ ዝበሃል ወዲ ሓትነ'ውን የብለይን።" በለ።

እቲ ፍጻመ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝያዳ መስሓቕ እናኾነ መጽአ። ዲያ፡ ብሓገዝ ናይ ሓደ ተመሃራይ ዩኒቨርስቲ'ዩ ንሶነስ ደዊልሉ። እቲ ተመሃራይ፡ ናይ ጆርጅ ዊያ ገጸ ባህሪ ተላቢሱ፡ ንኣሰልጣኒ. ሳውዝሃምፕተን ኣሸኪዕዎ። በዚ. ከኣ፡ ዲያ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ኣብ ሓደ ጸወታ ተቐዪሩ ዝኣተወሉን ዝወጽኣሉን ድራማዊ ክስተተ ተፈጥረ። ኣብ እዋኑ ሶነስን ሳውዝሃምፕተንን መስሓቕን መላገጽን ኮኑ። ኣብ 1965 ኣብ ሴኔጋል ዳካር ዝተወልደ ዲያ፡ ልክዕ'ዩ ኣብ ንኣሽቱ ክለባት ፈቲኑ'ዩ። ብዘተጸገዐ ሓሶት ኣብ ፕሪመር ሊግ ዝረገጸሉ ናይ ሂወት ጉዕዞ ግን፡ ኣብ ዓለም ካብ'ቶም ዘይርስዑ ተጻወትቲ ገይርዎ ደርኩቡ።

***ህንዲ 99 ጋና 1፡ ኣፈ-ታሪኻዊ ዛንታ ግጥም ኵዕሶ እግሪ***

እዚ ታሪኽ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝተሰጋገረ ታሪኽ'ዩ። ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ኵዕሶ እግሪ ዝዘርተወ. መስሓቕ ዛንታታት እዩ'ዩ። ሰቡ ንዘመናት ዝተቐበሎ፡ ክዕለል እንከሎ ፍሽኽ ዘብል፡ ሓደ ካብ ናይ ሓሶት ታሪኻት ኵዕሶ እግሪ፡ ህንዲ 99 ጋና 1 ብዘኾኑ ወጽኢት ዝተዛዘመ ጸወታ - ኵዕሶ እግርን ምትሃትን ዘራኸበ መጠለስ እንታይ ምዃኑ ዘይፍለጥ ፈጠራዊ ፍጻመ።

እቲ ንዊሕ ዘመናት ዝተጓዕዘ ናይ ሓሶት ታሪኽ ኵዕሶ እግሪ ብልክዕ ኣብ ዘይፍለጥ ቦታ፡ ብትኽክል ኣብ ዘይግለጽ ግዜ፡ ህንድን ጋናን ኵዕሶ እግሪ ከምዝተጻወታ፡ እዚ. ግጥም ድማ ህንዲ 99 ጋና ሓንቲ ሹቶ ብዘኾነ ወጽኢት ከም ዝተዛዘመ፡




ድሕሪ'ዚ፡ ብመሰረት እቶም ኣዘንተውቲ ኣፈ-ታሪኽ፡ ህንዲ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ዳሞማይ ንኸይትጻወት ከም እተፈረደት የዘንቱ።

እዚ. ታሪኽ'ዚ. ግን ሓቂ ድዩ ፈጠራ። ህንዲኸ ስለምንታይ እያ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ መድረኽ ኵዕሶ እግሪ ዓለም ዘይተሳተፈት? . . .

ኣብ ሓደ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ካብ ሸሞንተ ንላዕሊ. ሹቶታት ምስ ዝምዝገብ፡ ተዓዘብቲ፡ "ጸወታ ምሉእ መዓልቲ ደዩ ክኸይድ ወዒሉ" ብምባል ክምገረቑ ይሰምዑ'የም።

. . . ኣፈ-ታሪኽ ኵዕሶ እግሪ ህንዲ ይቕጽል።

እዚ. ግጥም ኵዕሶ እግሪ ህንድን ጋናን ዘዘንቱ ኣፈ-ታሪኽ፡ 100 ሹቶታት ከም እተመዝገበ እዩ ዘዘንቱ። 'ከመይ' ንዝብል ሕቶ ግን መልሲ. ኣይርከቦን'ዩ። እቲ ዝተፈብረኸ ታሪኽ ከምዚ. ይብል፡ "ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ህንዲ ዋላ'ኳ ናይ ኵዕሶ እግሪ ዕጥቂ. ይዕጠቑ፡ ብድሕሪኡ ንኵዕሶ ናብ ዝተፈላለዩ ነገራት ዝቕይር ምትሓታዊ ሓይሊ. ነይርዎም'ዩ። ጋናውያን ኣብ ሜዳ ክጻወቱ እንከለዉ፡ እታ ኵዕሶ ብዙሓት ኩዓሶ ኮይና ትረኣዮም ነይራ። ረኺብና'ያ ኢሎም ኣብ ዝረግጽዋ ድማ እኢጋርም ኣብ ጥርሑ ኣየር ይወዛወዙ። ናብ ሓሳው ልዳት ጋና እትለኣኽ ኵዕሶ፡ ናይ ኣንበሳ ቅርጺ. ሰራሓ ትመጽኦም። ሓላዊ ልዳት ጋና፡ ነታ ኣንበሳ እትመልስ ኵዕሶ ፈራሁ ደቂሱ የሕልፋ። ኣብ ገለ እዋናት ድማ፡ ክልተ ኵዓሶ ብሓደ ዝመጽኣ ዘለዋ ይመስልኦ እሞ፡ ነታ ሓንቲ ሐዚየ ኣብ ዝበለሉ ጥርሑ ኣየር ይሓቀፍ። እታ ዝተረፈት ሓቀኛ ኵዕሶ ድማ፡ ኣብ ሰኪዎት

ትዓልብ፡ ህንዲ 99 ሹቶታት ኣመዝጊባ።" ኣፈ-ታሪኽ ይቕጽል . . .

"ኣብቲ እዋኑ ሃገራዊት ጋንታ ህንዲ፡ ኣዝየ ግንኝትን ተፈራሒትን ብምንባራ ጋና ሓንቲ ሹቶ ምስ እተቐጽር፡ ተዓዋቲት ናይቲ ግጥም ትኸውን ክሳብ ምባል ኣብ

ውርርድ ተኣትዩ ነይሩ። ህንዲ 99ብ0 ኣብ ትመርሓሉ ዝነበረት ግዜ፡ ጋና ዋላ'ውን ብጌጋ ሓንቲ ሹቶ ምስ እተመዝግብ እቲ ዓወት ናታ ይኸውን ማለት'ዩ። ኣብ መወዳእታ ደቓይቕ፡ ሓደ ኣገራሚ ክስተት ተፈጥረ። ማእከላይ ዳኛ፡ ንጋና ፍጹም ቅላዕ ሃበ። ሳም ኣጣዋርጂ ዝተባህለ ጋናዊ፡ ነታ ፍጹም ቅላዕ ክዕርም ሓላፍነት ወሰደ። ፍጹም ቅላዕ እንተተመዝጊባ ክስዕሩ ምዃኖም ዝፈለጡ ህንዳውያን ተጻወትትን ደገፍታን ንኣጣዋርጂ 'ወይልኻ ኣብ ልዕሌኻ ዝመጽኣካን ዝወርደካን ክትቕበል ክትግደድ ኢኻ!' በልዎ። ኣጣዋርጂ ግን ኣይፈርሐን ኣመዝጊቡ። ህንዲ 99 ጋና 1 ኮነ እቲ ወጽኢት። ጋና ድማ ዕውትቲ ናይዚ. ግጥም ኮይና። እንተኾነ ድሕሪ'ታ ሹቶ ሓደ ዘሕዝን ኣጋጣሚ ተፈጥረ። ሳም ኣጣዋርጂ፡ ካብ ሜዳ ከይወጸ ሂወቱ ሓለፈት። እዚ. ፍጻመ ንተዓዘብቲ ኣቖጠዐ። ኣብ እዝራ ህዝቢ. ዓለም'ውን በጽሐ። ህንዲ ከኣ፡ ካብ መድረኽ ኵዕሶ እግሪ ዓለም ብቐጥታ ተሰናበተት።

ህንዲ፡ ብራዚል ኣብ ዘሰናደኣቶ ዋንጫ ዓለም 1950 ክትሳተፍ ዕድምቲ ነይራ'ያ። ተጻወትታ ከኣ፡ ጥራይ እግሮም ክጻወቱ ክፍቀደሎም ሓተቱ። ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ዓለም ፊፋ ግን፡ ስለ ዝጠርጠሮም'ሞ ጥራይ እግሮኹም ኣይትጻወቱን ኢኹም ስለዝበሎም፡ ካብ ዋንጫ ዓለም ተረፉም" ይብል እቲ ኣፈ-ታሪኽ። እቲ ሓቀኛ ምኽንያት ግን፡ ህንዲ ናብ ዋንጫ ዓለም ብራዚል ዝወስድ ብቑዕ ባጀት ስለዘይነበራ'ዩ።

(ልዕሊ. ሓደ በልዮን ህዝቢ. ዘለዋ ህንዲ፡ ሓንሳብ'ውን ይኹን ብፊፋን ካልእ ኣካል ኵዕሶ እግርን ተኣጊዳ ኣይትፈልጥን'ያ። ተፈታዊ ዓይነት ስፖርት ናይታ ሃገር ክሪኬት'ዩ። ብህንዳውያን ኣፍቀርቲ ኵዕሶ እግሪ ቁጽሪ ሓደ ተፈታዊ ተጻዋታይ ድማ ኣርጀንቲናዊ ዲየጎ ኣርማንዶ ማራዶና እዩ። ህንዲ፡ ኣብዚ. ግዜ'ዚ. ናይ ኵዕሶ እግሪ ጋንታታት መስሪታ፡ ደረጃ ብደረጃ እናደልደለት ትመጽእ ዘላ እያ። ኣብ ኵዕሶ እግሪ ዝ ሃገር ብዘምልከት ዝዘረብ ዘረባታት፡ ንህንዳውያን ቀጻሊ. ምስ ኣቑጠዐ እዩ። "ተጻወትቲ ሃገራዊት ጋንታ ህንዲ ፡ ኣብ ሜዳ እናተጻወቱ ከለዉ፡ ኵዕሶ ካብ ሓንቲ ንላዕሊ. ኮይና ከም እትረኣዮ ስለ ዝገብሩ፡ ዝተፈላለየ ቅርጺ. እውን ስለ ዘትሕዞዋ፡ ብዘወሳኺ. ተጻወትታ ዝሃረምዋ ኵዕሶ ብቐሊሉ ናብ ሹቶ ስለ እትቕየር፡ ካብ ኵዕሶ እግሪ ተኣጊዳ" ዝብል ሓደ ካብ'ቲ ናይ ሓሶት ታሪኽ'ዩ።)



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኦሎምፒክ ፓሪስ፡ ደሃይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ

ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024 እትሳተፍ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ሎሚ ረቡዕ 7 ነሓሰ፡ ኣብ ውድድር 5000 ሜተሮ ክትወዳደር እያ።

ኣብዚ ናይ ትረክ (ኣብ ወሽጢ



ኣሮን ኣብ ለንደን ኣብ ናይ 5000 ሜትሮ መጻረዪ ሻምፕዮን ዓለም 2017

ስታድዮም ዝተኻየደ) ውድድር፡ ኤርትራ፡ ብኽልተ ኣትሌታት እያ ክትውከል፣ ብኦሎምፒኻዊ ኣትሌት ኣሮን ክፍለን ዳዊት ሰዓረን።

ኣብ ኦሎምፒክ ቶክዮ 2020 (ብሰንኪ ኮሮና ኣብ 2021 ዝተኻየደ) ኣብ 10,000 ሜትሮ ዝተወዳደረ ኣሮን፡ ሓደ ካብቶም ምኩራት ኣትሌታት ሃገርና እዩ። ቀዳመይቲ ናይ ኦሎምፒክ ውድድሩ ኣብ ኦሎምፒክ ሪዮ (ብራዚል) 2016 ዝተኻየደ ኣሮን ኣብ 5000 ሜተር ተወዳዲሩ ምንባሩ ስዕቱ የረድእ። ንዝተሰርዐ ርሕቀት ብ13 ደቒቕ፡ 29 ካልኢትን 45 ንኡስ ካልኢትን ዝወድኦ እዚ ወዲ 26 ዓመት ኣትሌት፡ ካብ መጻረዪ ክሓልፍ ኣይከኣለን። ኣብዚ ናይ ሳልሰይቲን ተኸታታሊን ናይ ኦሎምፒክ ሱታፌኡ ግና፡ ካብ መጻረዪ ክሓልፍን ዝሓሸ ደረጃ ክሕዝን ትጽቢት ይግበረሉ፡፡

ኣትሌት ዳዊት ሰዓረ፡ ፋልማይ ግዜኡ እዩ ኣብ ኦሎምፒክ ክወዳደር። እዚ ን1500 ሜትሮ - ብ3 ደቒቕን 40 ካልኢትን ብምውድኡ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ዝሓዘ ኣትሌት፡ ኣብ ፋልማይ ሱታፌኡ ኣዕጋቢ ወጽኢት ከመዝግብ ግምት ይግበረሉ፡፡ ጸቡቕ ዕድል ንኣትሌታትና!

ውድድር 5000 ሜተሮ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 26 ግዜኡ እዩ፡ ኣብ ናይ ክረምቲ ኦሎምፒክ ዝቐረበ ዘሎ። ንመእተዊ ግዜ - 13 ደቒቕን 5 ካልኢትን ወይ ትሕቲኡን ዝሃረሙ 43 ኣትሌታት ዝተፈላለያ ሃገራት ድማ፡ ክወዳደሩ እዮም። ሎሚ፡ ኣብ ክልተ ምድብ ኮይኖም መጻረዪ ድሕሪ ምክያድ ድማ፡ እቶም ዝሓለፉ ኣትሌታት ቀዳም 10 ነሓሰ ናብ ፍጻመ ጸወታ ክቕጽሉ እዮም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት - ኦሎምፒክ ቶክዮ 2020፡ ዕወት ናይ'ዚ ርሕቀት ዝበረ ኡጋንዳዊ ጆሹዋ ቺፕቴገይ፡ ካብዚ ናይ ሎሚ ውድድር ምውጽኡ ተሓቢሩ፣ ከምኡ'ውን ወዲ ሃገሩ ጃኮብ ኪፕሊሞ።

ብመሰረት መግለጺ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ እታ ሃገር፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ 10,000 ሜትሮ ዝተወዳደሩ እዞም ክልተ ኣትሌታት፡ ኣካላቶም ዝያዳ ዕረፍቲ ስለዘድልዮ እዮም፡ ካብዚ ውድድር ኣንሳሒቦም ዘለው።

በዚ ከኣ፡ ንሰለስተ ኮታ መሊኦቶ ዝበረት ኡጋንዳ፡ ብሓደ ኣትሌት - ኦስካር ቼሊሞ ጥራይ እያ ክትወዳደር። ካብ 2020 ጀሚሩ ክብረ-ወሰን 5000ን 10,000ን ሜትሮ ሒዙ ዘሎ ቺፕቴገይ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ውድድር 10,000 ሜትሮ ዕወት ወርቂ መዳልያ ምንኻኑን ኪፕሊሞ ከኣ፡ ሻሙናይ ደረጃ ምሓዙን ይዝከር።



ኤርትራዊ ዳዊት ሰዓረ (ማእከላይ) ቀዳማይ ምስ ወጸ

## ካይሴዶ፡ ዘወጽኣሉ መጠን ገንዘብ ጽልዋ ከምዝገበረሉ ይዛረብ

ኣከፋፋሊ ቸልሲ ማይሰስ ካይሴዶ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ቀዳመይቲ ወቕቲ ኣብ'ታ ጋንታ ከበድዎ ምንባሩን ርእሱ ተኣማንነት ከምዝጎደለን ገሊጹ - ብሰንኪ ጸቕጢ ናይ'ቲ ዝተሰጎገረሉ መጠን ገንዘብ፡፡

እዚ ኤኳዶራዊ ተጻዋታይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ነሓሰ፡ ምስ ልዑል ትጽቢት ብ115 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ብራይተን ናብ ቸልሲ ምስግጋሩ ይዝከር። ክሳብ ወዲ ጋንታኡ ኢንዞ ፈርናንደዝ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2023 ዝሰበሮ ከኣ፡ ዋጋኡ ዝኸበረ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ ክበሃል ክኢሉ ነይሩ፡፡

እንተኾነ ካይሴዶ ዘተጕበረሉ ትጽቢት ክምልስ ኣይከኣለን። ኣብዛ ወቕቲ ኣብ ዝተፈላለዩ 48 ግጥማት ክሰልፍ እንከሎ፡ ከም'ቲ ዝደለ ኣድማዒ ኣይነበረን፡ እዚ እናኣከፋፈለ ዝኸሰኸሰ ወዲ 22 ዓመት መንእሰይ፡ እቲ እዋን ከቢድ ምንባሩ እዩ ዝጠቕሶ።

"እቲ መጀመርያ ከቢድ እዩ ነይሩ፣ ምኽንያቱ፡ ኣብ ዓብይ ክለብ እየ መጺአ፣ እቲ ዋጋውን ኣሎ፡ ኩሉ ግዜ ንኹሉ ግጥማት ክትዕወተሉ ዘገድድ እዩ፡፡ እዚ ከቢዱኒ፣ ምኽንያቱ፡ ኣብ ብራይተን እቲ ጸቕጢ ዝወሓደ እዩ ነይሩ።" ዝበለ ካይሴዶ፡ "ኣብ ቸልሲ ግና ዝተፈልየ እዩ - ልዑል ጸቕጢ ይስመዓኒ ነይሩ፡፡ ኣብ'ዘን ናይ መወዳእታ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ግና፡ ምቹእነት ክስመዓኒ ጀሚሩ።" ኢሉ፡፡

ርእሱ-ተኣማንነት ኣጕዲሉ እንተኾይኑ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፡ "እወ ኣጕዲሉ፡ ብቐዓት ኣሎኒ፡ ከመይ ዓይነት ተጻዋታይ ምንባረይ'ውን እፈልጥ እየ። እንተኾነ፡ ሓደ-ሓደ ግዜ ኣእምሮኻ ጸቡቕ እንተዘይሃልዩ ዝኸበደ እዩ፡" ክብል፡ ከም'ቲ ኣብ ብራይተን ዝነበሮ ብቕዓት ከምዘይነበሮ ተዛሪቡ።

ኣብቲ ከቢድ እዋን፡ ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ሰባት ከምዝሓገዝዎ ዝገለጸ ማይሰስ፡ ብፍላይ ዓላሚኡ ዝነበረ ማውሪስዮ ፖቸቲኖ፡ ርእሰ ተኣማንነቱ ክዕቢ ከምዝገበራሉ ሓቢሩ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ንፉዕ ኣከፋፋሊ፡ ብዛዕባ ናይ ሕጂ ኣሰልጣኒኡ ኢንዞ ማረስካ'ውን ሓሳቡ ኣካፊሉ፡፡ ንሱ፡ "ኢንዞ፡ ኣብ ብራይተን እንከለኹ ዝጸወቶ ዝነበርኩ ስልቲ እዩ ዝጥቀም። ብቕዓተይ ከርኢን ኣብ ሜዳ ንደቂ ጋንታይ 'ሓሊቓ' ምኳነይ ከርእዮምን እዩ ዝደልየኒ" ክብል፡ ምስ ስልቲ ዓላሚኡ ከም ዝሰማማዕ ኣረዲኡ፡፡ ንሊቨርፑል ገዲፉ ናብ ቸልሲ ምስግጋጋሩ - ምርጫኡ 100 ሚእታዊት ቅኑዕ ምንባሩ እውን ኣዝዩ።





### እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ኒውካስል፡ ንተኸላኻሊ ክሪስታል ፓላስ ማርክ ጉሂ፡ ብልዕሊ 60 ሚልዮን ፓውንድ ከተፈርሞ ተቓሪባ - ብመሰረት ጋዜጣ ተለግራፍ፡፡

እዘን ጋንታታት፡ ኣብዚ ጉዳይ ጸቡቕ ይረዳድኣ ምህላወን ዝሓበረት እዛ ጋዜጣ፡ ንመፈጸምታኡ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ ትብል፡፡

* ካብ ማን ዩናይት ድሕሪ ምውጻኡ ውዕል ኣልቦ ዘሎ ማርሻል፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብዝሳተፉ ክልተ ክለባት ኣብ ዒላማ ኣትዩ ከምዘሎ፡ ጋዜጣ ስካይ ስፖርት ሓቢራ፡፡

ብመሰረት እዛ ምንጪ፡ ኢጣልያዊት ክለብ ኣታላንታን ፈረንሳዊት ክለብ ለልን፡ ኣብ ራዳራተን ኣእትየናኦ ኣለዋ። ኣቐዲሙ፡ ስሙ ምስ ክለባት በሽክታሽን ማርሴን ተላዒሉ ዝተሳዕለ ማርሻል፡ ምስ ክለባት ኣመሪካን ስዑዲ-ዓረብን ተታሓሒዙ እውን ይለዓል እዩ፡፡

እዚ ፈረንሳዊ፡ ድሕሪ ትሸዓተ ዓመታት እዩ ካብ ዩናይትድ ተፋኒዩ፡፡

* ጁቬንቱስ፡ ማልያ ተጻዋታያ ወስቶን ማኬ ካብ መኽዘን ብምውጻእ (ምእላይ)፡ ድሕሪ ደገም ኣብ'ዛ ጋንታ መጻኢ ከምዘይብሉ ተፈሊጡ፡፡

እዚ ኣመሪካዊ ኣከፋፋሊ፡ ኣብ መደብ ሓዱሽ ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ቲያጎ ሞታ ከምዘየለ እዩ ዝሕብር። በዚ ሓዱሽ ውሳነ እምበኣር፡ ማልያኡ ድሕሪ ደገም ኣብ መሸጢ ማእከል እዛ ጋንታ ኣይክትሸየጥን እያ፡፡

## ኣትለቲኮ፡ ምስ ማን ሲቲ ተሰማሚዓ

እስጳኛዊት ክለብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ንጁሊያን ኣልቫሬዝ ከተፈርሞ ምስ ጋንታኡ ማን ሲቲ ተሰማሚዓ፡፡

ኣትሌቲኮ፡ ነዚ ኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዓይ ንምውናኑ ፈለማ 64.4 ሚልዮን ፓውንድ (75 ሚልዮን ዩሮ) ክትኸፍል ምኳና ይግለጽ፣ ድሕሪ ከኣ፡ 17.1 ሚልዮን ፓውንድ (20 ሚልዮን ዩሮ) ናብ ሕሳብ ሲቲ ከተሰጋግር እያ። ብድምር ከኣ - 81.5 ሚልዮን ፓውንድ (94.8 ሚልዮን ዩሮ) ክትከፍሎ እያ፡፡

እዚ መጠን ገንዘብ፡ ኣብ ታሪኽ ማን ሲቲ ክብረ-ወሰን ሒዙ ኣሎ። ሲቲ፡ ኣብ ክረምቲ 2022 ንተጻዋታያ ዝነበረ ፌራን ቶረስ ናብ ባርሴሎና ብ55 ሚልዮን ፓውንድ ዝሸጠትሉ መስርሕ፡ ዛጊት እቲ ዝኸበረ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ፡፡

ኣልቫሬዝ፡ ኣብ ጥሪ 2022 እዩ - ካብ ናይ ሃገሩ ክለብ ሪቨር ፕሌት፡ ናብ ሲቲ ብ14.1 ሚልዮን ፓውንድ ተሰጊሩ። ነዛ ብፔፕ ጓርድዮላ እትዕለም ክለብ፡ ኣብ 106 ዝተፈላለዩ ግጥማት ክውክላ እንከሎ፡ 36 ሸቶታት ድማ ኣመዝጊቡላ። ኣብ ቀዳመይቲ ዓመቱ ሰለሳዊ ዓወት -



ፕሪመር ሊግ፡ ሻምፕዮንስ ሊግን ኤፍ.ኤ ካፕን ዓቲሩ እዩ፡፡

ይኹን እምበር፡ ምስ ህላወ ቀዳማይ ኣጥቃዓይ ኤርሊንግ ሃላንድ፡ ብቐጻሊ ምስ ቀዳሞት 11 ክሰለፍ ደርኡ ስለዘይነበረ፡ ክወጽእ ከምዝኽእል ይግለጽ ነይሩ፡፡ ድሕሪ ኦሎምፒክ 2024 መጻኢኡ ክፍለጥ ምኳኑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ትማሊ ኣብ ትሕቲ ወዲ ሃገሩ ዓላሚ ዲያጎ ሲሞን ክሰልጥን ናብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ከምዝተሰጋገረ ተሓቢሩ ኣሎ፡፡

ኣትሌቲኮ፡ ኣቐዲማ ንኣከፋፋሊ ቸልሲ ኮኖር ጋላገር ብ33 ሚልዮን ፓውንድ (38 ሚልዮን ዩሮ) ከተፈርሞ ምስምማዓ ይፍለጥ፡፡

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ምውጻእ ኣልቫሬዝ፡ ንሓዲሽ ኣጥቃዓይ እዛ ጋንታ ሳቪንዮ ዝርብሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ወዲ 20 ዓመት ብራዚላዊ መንእሰይ፡ ዋላ'ኳ ንሃላንድ ካብ ቦታ ቁጽሪ 9 ክኣልዮ ዘይክእል እንተኾነ፡ ብክንፊ እናተሰለፈ ግና፡ ዝሓሸ ዕድል ክረክብ ትጽቢት ይግበረሉ፡፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ብልቓሕ ምስ እስጳኛዊት ክለብ ጂሮና ዝተጻወተ ሳቪንዮ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ብ30.8 ሚልዮን ፓውንድ - ካብ ትሮየስ ናብ ሲቲ ምጽንባሩ ይፍለጥ፡፡

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ፡ ስልጣና ሓዲጋ ካብ ሃገር ወጺኣ

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ ሸኽ ሓሲና፡ ኣብ'ታ ሃገር ተኸሲቱ ብዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ካብ ስልጣና ከምዝወረደት ተቓሊሑ።

ንል 76 ዓመት ሸኽ ሓሲና፡ ኣብ ጉደናታት ኩይናም ተቓወምቶኦም ከስምዑ ዝቖጸ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ሰልፈኛታት ንቤት-መንግስቲ ድሕሪ ምውራሮም፡ ቤተሰብ ሒዛ ካብ'ታ ሃገር ከምዝወጽኣት ተፈሊጡ።

ኣብ ዝሓለፉ ሳምንታት፡ ተማሃሮ ላዕለዎት ትምህርቲ እታ ሃገር፡ ንፖለሲታት መንግስቲ ዝጻረር ተረር ተቓውሞታት ከካይዱ ምቕናዮም ይዝከር።

ብድሕሪ እዚ፡ ኣብ መንጎ ተማሃሮን



ኣባላት ጸጥታን ብዝተወልዐ ግጭት፡ ልዕሊ 300 ሰባት ከምእተቐትሉ ማሕበር ዜና ሓበረ።

ቀንዲ መበገሲ ናይ'ቲ ተቓውሞ፡ ኣብ መደብ ሲቪላዊ ኣገልግሎት ዝተኣተወ ኮታ ክስረዝ ዝጽውዕ ምንባሩ እዩ ምንባሩ ዝጠቐሱ።

እቲ ኣብ ባንግላደሽ ብተማሃሮ ተለዓዒሉ ዘሎ ተቓውሞ ጌና እናተጓሃሃረ ይኸይድ ብምህላዉ፡ ሰራዊት ሰዓታት እቶ-እቶ ከምዝኣወጀ ይገልጽ ኣሎ።

ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ዘካይድዎ ዘለዉ ተቓውሞታት፡ ፖለቲካዊ ቅልውላው ከምዝስዓብ ዝገልጹ ሰብ-ሞያ፡ ጸጥታ ባንግላደሽ፡ ተቓወምቲ ሰልፍታት - ነቲ ኩነታት ካብ ምግሃሃር ክቖጠቡ ኣተሓሳሰቡም።

ብሰንኪ'ቲ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ልዕሊ 11 ሽሕ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተዉ እውን ይሕበር።

## ፕረዚደንት ባይደን፡ ብጉዳይ እስራኤል ምስ ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት ርክብ ኣካዪዱ

መንግስቲ ኢራን ናይ'ቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቴህራን ዝተቐንጸለ ላዕለዋይ ፖለቲካዊ መራሒ ምንቅስቓስ ሓማስ እስማዒል ሃኒያ ሕነ ከምዝፈዲ ኣብ ዝፍከረሉ ዘሎ እዋን፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጆ-ባይደን - ምስ ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት ብጉዳይ ተኸእሎታት መጥቃዕቲ ኢራን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንምዝታይ ርክብ ከምዘካየደ ተቓሊሑ።

ብመሰረት-ጸብጻብት፡ እስማዒል ሃኒያ - ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቴህራን ዝተኻየደ ስነስርዓት ቃለ-ማሕላ ሓድሽ ፕረዚደንት ኢራን - ማስዑድ ፐዘሽኪያን ድሕሪ ምስታፉ እዩ - ኣብ መዕረፊኡ ኣቕዲሙ ብዝተጻወደ ቦምብ ተቐቲሉ።

ብድሕሪ እዚ፡ ኢራን ንቕትለት እስማዒል ሃኒያ ተረር ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ምዃና ከተጠንቅቕ ጸኒሓ።

እስራኤል፡ ካብ ኢራን መጥቃዕቲ እንተደኣ ተፈንጩዋ - ኣመሪካ ንምድጋፋ ብዝዕባ ክትጉብሮ ዘለዋ ምድላዋት ንምዝርራብ እዩ እቲ ናይ ባይደንን ኣባላት ሃገራዊ ድሕነትን ርክብ - ብመሰረት ጸብጻብት።

ብኢራን ዝድገፍ ኣብ ሊባኖስ ዝርከብ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ተረር ግብረ-መልሲ ክህብ ከምዝጸንሐ ኣብ ዝዘርበሉ ዘሎ እዋን፡ ሓያሎ ሃገራት ምዕራብ ዜጋታተን ካብ ከተማ በይሩት-ሊባኖስ ክወጽኡ ይጽውዓ ኣለዋ።



እስራኤል ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን እውን፡ ኣብ ከተማ በይሩት ብዝካየደቶ ደብዳብ፡ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ሕዝቦላሕ ፉኣድ ሹክሪ ከምእተቐትለ እዩ - ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ዝገለጸ።

ድሕሪ'ቲ ኣብ ሊባኖስን ኢራንን ዝተፈጸመ መጥቃዕትታት እዩ እምበኣር፡ እስራኤል ኣብ ምቹእ ግዜን ቦታን ተረር ግብረ-መልሰ ክትቅበል ምዃና ሓለዋ ሰውራ ኢራን ከጠንቅቕ ተሰሚዑ።

መራሒ ምንቅስቓስ ሕዝቦላሕ - ሓሰን ናስረላህ እውን እስራኤል ብዘወሰደቶ ስጉምታት - እቲ ዞባ ናብ ሓዱሽ ናይ ኩናት ሃዋህው ኣትዩ ከምዝሎ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ከባቢ ዞባዊ ግጭት ከይክሰት ዝሰግአ - ጀርመናዊ መንገዲ ኣየር 'ሉፍታንዛ'፡ ናብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ፡ በይሩትን ቴህራንን ከካይዶም ዝጸንሐ በረራታት፡ ንግዚኡ ደው ከምዝበሎም ተፈሊጡ።

ብተመሳሳሊ፡ መንገዲ ኣየር ኣመሪካ ዝኾነ 'ደልታ' እውን ክሳብ 31 ነሓሰ ናብ ቴል-ኣቪቭ ዘካይዶ በረራታት ደው ከምዝበሎ ኣፍሊጡ ኣሎ።

## መጠን ፍርያት ነዳዲ ኢራን ገዚፍ ዕብየት ኣመዝጊቡ

መጠን ፍርያት ነዳዲ ኢራን ኣብ ዓመት-2023 ቅድሚኡ ምስ ዝነበረ ሓሙሽተ ዓመታት ክነጻጸር እንከሎ፡ ገዚፍ ዕብየት ከምዘመዝገበ፡ ኣህጉራዊ ትካል ጸዓት ሓቢሩ።

ኣብ 2023፡ መጠን ፍርያት ነዳዲ ኢራን መዓልታዊ 3 ሚልዮን በርሚል ከምዝበጽሐ ዝጠቐሱ ጸብጻብት፡ እቲ መጠን ምስ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብፍርቂ ሚልዮን በርሚል ክብ ከምዝበለ የረድኡ።

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ሓንቲ ካብ ቀዳሞት ካብ ኢራን ነዳዲ ዝሽምታ ሃገራት ምዃና ይጥቀስ።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን በይናዊ እገዳ እኳ እንተኣንበረት፡ ከምቲ ዝወጠኑቶ - ኣብ ኢራን ዕላማኡ ከምዘይወቐዐ ፕረዚደንት ኢራን ኢብራሂም ራኢሲ ምሕባሩ ዝዝከር እዩ።



## ኢጣልያ - ንጡፍ እሳተ-ጎመራ 'ኢትና' ነቂጉ

ኣብ ኢጣልያ ዝርከብ ንጡፍ እሳተ-ጎመራ እምባ 'ኢትና'፡ ዳግማይ ክነቱግ ከምዝጀመረ - ካብ'ታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

በዚ ኸኣ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነብሩ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ናብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ከምእተኣዘዙ ተፈሊጡ።

ብተወሳኺ፡ እቲ እሳተ-ጎመራ ብዝፈጠሮ ስግኣት - መዓርፎ ነፈርቲ ከተማ ሰሰልያ ንግዚኡ በረራታቱ ደው ከምዝበለ ተቓሊሑ።

እምባ 'ኢትና'፡ ቅድሚ ሕጂ እውን ብተደጋጋሚ ይነቱግ ምንባሩ ዝጠቐሱ ጸብጻብት፡ እቲ ተደጋጋሚ ተርእዮ ኣብታ ሃገር ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከየስዕብ ስግኣታት ከምዝሎ ገሊጾም።

'እምባ ኢትና'፡ ኣብ ኢጣልያ ዝርከብ ዝለዉሐ እምባ ኮይኑ - ካብ ጸፍሒ ባሕሪ ኣስታት 3330 ሜትሮ ልዕሊት ኣሎም።



## ኣርጀንቲና - ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ሰባት ብረስኒ ደንግ ተለኺፎም

ኣብ ኣርጀንቲና፡ ኣብ ዓመት 2023/2024 ብመንከስቲ ጣንጡ ብዝመሓላለፍ ሕማም ረስኒ ደንጎ፡ ልዕሊ 566 ሽሕ ሰባት ክልከፉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 415 ከምዝሞቱ ሚኒስትሪ ጥዕና እታ ሃገር ሓቢሩ።

እዚ ኣሃዝ ቅድሚኡ ምስ ዝነበረ ተመሳሳሊ እዋን ክነጻጸር እንከሎ፡ ብልዕሊ



3.35 ዕጽፊ ከምዝዀደ እዩ እቲ ሚኒስትሪ ዝገለጸ ዘሎ።

'ረስኒ ደንጎ' ኣብ እኩብ ሰብ ቅልጡፍ ናይ ምልባዕ ባህሪ ከምዘለዎ ዝሕብሩ ክኢላታት፡ በቲ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት በይናም ክፍለዩ ኣጉዳሲ ምዃኑ የገንዝቡ።

'ረስኒ ደንጎ'፡ ኣብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤሲያን ደቡብ ኣመሪካን ኄኑ ከምዘሎ ዝጠቐሱ ጸብጻብት፡ ኣብዘን ሃገራት ከቢድ ሰብዊን ቁጠባዊን ክሳራታት የስዕብ ከምዘሎ እውን ኣመልኪቶም።

ቀንዲ ምልክታት ናይ'ቲ ሕማም፡ ረስኒ፡ ተምላስ፡ ሕማም ርእሲ፡ ናይ ጅማውቲ ቃንዛ ምዃኑ፣ እንተኾነ - 40-80 ሚእታዊት ካብ'ቶም በቲ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባትናይ'ቲ ሕማም ምልክት ከምዘየርእዩ የረድኡ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰንተራል | 7/08/2024 | ጎደና ናቕፋ ቁ. 18-20፡ ፊት ከረን ሆቴል | 120730 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565